# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.284 | ቀዳም 27 ሓምለ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2



ሓጺር ታሪኽ ሂወት ስዉእ ተጋዳላይ መኰንን ኪዳነ (ሻባይ)

ገጽ 4

በለስ፡ ምሕደራን ጥቕምን




ገጽ 5



ሽውዓተ መፍትሕ ዓወት - (2)

ገጽ 8

ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ



ገጽ 11

ኣስመራ ቢራን ኣልታሕሪርን ደረጃኦን ዓቂበን




## ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን 6ይ ዋዕላኡ ኣቃኒዑ

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን፡ "ምዕዛዝ ኤርትራዊ ክብርታት ንኣህጉራዊ ሽርክነት" ብዝብል ቴማ - 6ይ ዓመታዊ ዋዕላኡ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን-ዲሲ ብውዕወዕ



መንፈስ ኣቓሒዑ፡፡

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ልዕሊ 500 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣደ-መንበር ኣሰናዳኢት ኮሚተ መንእሰይ ልዋም ደብሩን ሓላፊት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ወ/ሮ ሓድነት ቀለታን ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምምሳጋኑ፡ ኣብ መምርሒታት ኣካይዳ ዋዕላ መብርሂ ሂበን፡፡

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕ.መ.ኢ. ኣቶ ብርሃ ጉብርሂወት፡ "ኣብ'ዚ - ዓለም ናብ ዝተወደበን ሚዛናውን ሽርክነት ዘእንግድ ዓለማዊ ስርዓት ንምስግጋር ትሕቶብሉ ዘላ እዋን፡ ክብርታትናን ሓራ ፖለቲካዊ ማስመርናን ቀንዲ መሳርሒ ሽርክነትን ዝምድናታትን ምዃናም ተገንዚብና፡ ንሃገራዊ ረቡዓና ዝሕሉ ኣገባብ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ተጠቒምና ኣበርክቶና ክነዕዝዝ ይግባእ" ክብል ኣገንዚቡ፡፡

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ውዕባታት ህግደፍ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሃማደኤን ሕድሪን ኣብ ኣመሪካ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ኤውሮጳ - ንጥፈታቶም ዘንጸባርቕ ዝርዝራዊ ጸብጻባት ኣቕሪቦምን ብዕምቈት ተዘቲዮሉን፡፡

ኣመሪካውያን ኣዕሩኽ ኤርትራ፡ ኑቲ ምስ ኤርትራውያን ኣማዕብሎምዎ ዘለዉ ዝምድና ብልዑል ተገዳስነት ከምዝተኸታተልዎ ብምሕባር፡ ተሰማዕነትን ጽልዋን ኤርትራ እናዓበየ ይኸይድ ከምዝሎ - ብኣብነታት ኣሰኒዮም ኣረዲኦም፡፡




## ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን፡ ክልተ ሕጋጋት ኣውጺኡ


ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን፡ ንሕጋጋት ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ዝምልከት - ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 132/2024፡ ከምኡ'ውን ንሕጋጋት ኣወሃህባ ፍቓድ ዋጊንን ቊጽጽር ስርዓት-ምዝገባን ዝምልከት - ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 133/2024 ኣውጺኡ፡፡

13 ዓንቀጻት ዝሓቖፈ ንሕጋጋት ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ዝምልከት - ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 132/2024፡ ኣዋጅ ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ቊጽሪ 125/2002 ዓንቀጽ 10 (ሐ)፡ ንሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ብዝሃቦ ስልጣን መሰረት ዝወጸአ እዩ፡፡

እዚ ዝርዝር ተግባራት ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ዝሓዘ ሕጋዊ ምልክታ'ዚ፡ ምስ ምሓዝን ምሕዳስን ዋጊን ዝተኣሳሰር፡ ምስ ዋጋታት ዝተኣሳሰር፡ ንዘይቅዋዕ ውድድር ዝምልከት፡ ምስ ደረጃታት ብቕዓት፡ ዓቕሚ ዕለት-ምውዳቕን ግቡይ ሓበሬታ ምቕላሕን ዝተኣሳሰር፡ ንኣድልዎ ኣብ መንጎ ተገልገልቲ ዝምልከት፡ ምስ ኣፍቀድትን ኣተግበርትን ኣካላት ዝተኣሳሰር፡ ከምኡ'ውን ብድጉማ ንዝተዋህበ ኣቕሑ ኣብ ዘይመዳልኦም ምስ ምውዓልን ምሕቡእን ዝተኣሳሰር ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ብዝርዝር ኣስፊሩ ኣሎ፡፡

መመሓየሺ ኣዋጅ ፍቓድ ዋጊን ቊጽሪ 128/2002 ዓንቀጽ 25 ንሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ብዝሃቦ ስልጣን መሰረት ዝወጸአ - ንሕጋጋት ኣወሃህባ ፍቓድ ዋጊንን ቊጽጽር ስርዓት-ምዝገባን ዝምልከት ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 133/2024 ድማ፡ ንምዝገባ፡ ምሕዳስን ምስራዝን ፍቓድ ዋጊን፡ ንምስራዝ ፍቓድ ዋጊን ዘድልዩ ሰነዳት፡ ንምቕያር፡ ምጉዳል፡ ምውሳኽ ንጥፈታትን ለውጢ ኣድራሻን ዘድልዩ ሰነዳት፡ ከምኡ'ውን ንዕምን ምልክትን ንግዲ ዘጠቓልል 12 ዓንቀጻት ዝሓቖፈ እዩ፡፡

ዕላማ ናይ'ዚ ክልተ ሕጋጋት፡ ንጹር፡ ስሉጥ፡ ምዕቡልን ቅቡልን ኣገባብ ኣወሃህባን ምዝገባን ፍቓድ ዋጊን ንምሕያል፡ ከምኡ'ውን ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ንምእራምን ንምቁጽጻርን እዩ፡፡



ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 30/2024 ቊ. 1 | ኣስመራ፡ 25 ሓምለ 2024 | ዋጋ ናቕፋ 20.00

ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 132/2024

ሕጋጋት ዘይቅኑዕ ኣሰራርሓ ንግዲ

ሕጋዊ ምልክታ ቊጽሪ 133/2024

ሕጋጋት ኣወሃህባ ፍቓድ ዋኒንን ቊጽጽር ስርዓት-ምዝገባን

ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን፡ ሓደሽ ፍቓድ ዋጊን - ምስ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ተኣሳሲሩ ካብ መጋቢት 2020 ንደሓር ኣቋሪጹ'ዩ ጸኒሑ፡፡ ምሕዳስ ፍቓድ ዋጊን፡ ምቕያር ዓይነት ንግዳዊ ኣገልግሎት፡ ከምኡ'ውን ምትሕልላፍን ምስራዝን ፍቓድ ዋጊን ግና ብስሩዕ ክቕጽል ጸኒሑ ኣሎ፡፡

ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን ሓደሽ ፍቓድ ዋጊን ምሃብ ኣቋሪጹ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ንምግምጋም ኣብ መላእ ሃገር ምምሕዳራትን ጨናፍር ናይ'ቲ ሚኒስትሪን ዝተሳተፍዎ ዳህሳስን መጽናዕቲን ከምዘካየደ፡ በቲ መጽናዕቲ መሰረት ድማ፡ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሕጋጋት ብምምሕያሽ ዝተመሓየሸ ሕጋጋት ኣውጺኡ ኣሎ፡፡

እዚ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን ዘውጽኦ ሓደሽ ሕጋጋት፡ ን"ሕጋጋት ዘይቅዋዕ ኣሰራርሓ ንግዲ" ዝምልከት ኣዋጅ ቊጽሪ 125/2002 ከምኡ'ውን ን"ሕጋጋት ኣወሃህባ ፍቓድ ዋጊንን ቊጽጽር ስርዓት-ምዝገባን" ዝምልከት ኣዋጅ ቊጽሪ 128/2002 ዝስዕብ እዩ፡፡

እዚ ክልተ ሕጋጋት፡ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል፡፡

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ተመሃሮ ክረምታዊ ልምዓት ዕዉት ስራሕ የሰላስሉ

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 26 ግዜኡ ብዝቕጽል ዘሎ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣብ 5 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝተደኮና 15 ነቑጣታት ኣድማዒ ስራሕ ይሰላሰል ኣሎ፡፡

ኣብ'ዚ ብደረጃ ሃገር ንኣስታት 40 መዓልታት ዝቕጽል ዘሎ ወፍሪ፡ ኣብ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ቅሮራ፡ ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ጊንዳዕን ባጽዕን ዝተዋፈሩ 1,406 ተመሃሮ፡ ብኣለይቲ መማህራን ክኢላታት ሕርሻን እናተመርሑ፡ ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ኩትራታትን ዛላታትን፡ ምኹዓት ጉድጓድ፡ ምኹስኳስ ኣግራብን ምትካል ፈልሲታትን፡ ከምኡ'ውን ጽሬት ገምገም ባሕርን ምጽጋን ሰደቓታትን ይነጥፉ ከምዘለዉ፡ ኣወሃሃዲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት መምህር ፍስሃጽዮን ተኪኤ ሓቢሩ፡፡

እቲ መደብ፡ ኩነታት ክሊማ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ባጽዕ ኣቐዲሙ ከቶየድ ከሎ፡ ኣብ ዝተረፉ 4 ንኡሳን ዞባታት ካብ 15 ሓምለ ብንጥፈት ይካየድ ከምዘሎ ብዝወሰኸ ኣብሪሁ፡፡

መምህር ፍስሃጽዮን፡ ዋሕዲ ናውቲ ማእቶት ካብ ቀንዲ ብድሆታት ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

### ሜጀር ክብሮም ሰጊድ (ወዲ-ሰጊድ) ተሰዊኡ

ኣብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ሓላፊ ህዝባዊ መጓዓዝያ ከተማታት - ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ክብሮም ሰጊድ (ወዲ-ሰጊድ)፡ ብ24 ሓምለ ኣብ ማእከል 69 ዓመት ዕድሚኡ ብድንገት ተሰዊኡ፡፡



ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ክብሮም፡ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ መጓዓዝያን ካልኦት ኣሃዱታት ወድቡ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ሓላፊ ህዝባዊ መጓዓዝያ ከተማታት ብምዃን - ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ፡፡

ስዉእ ሜጀር ክብሮም ሰጊድ፡ ኣቦ 10 ደቂ እዩ፡፡

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 26 ሓምለ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ፡፡

ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ብሞት'ቲ ኣቦ - ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ክብሮም ሰጊድ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ፡፡

# ሓጺር ታሪኽ ሂወት ስዉእ ተጋዳላይ መኰነን ኪዳነ (ሻባይ)

## (ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ዝተነበበ - 23/7/24)

ሰሎሞን ጸሃየ


ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

እቲ ኣብ ናይ ትማሊ ሕታምና ዝተሓበረ - መዚ.ቃዊ ስነ ግጥማውን ጋዜጠኛውን ኣበርክቶታቱ፡ ከምቲ ደሮ ዝተገልጸ



ኾይኑ፡ እቲ ኻልእ ዓበይቲ ፍርያቱ ዚ. ዝስዕብ ስራሓት የጠቓልል።

1. ብምኽንያት ሃገራውያን




በዓላት ናጽነት፡ ሰማእታትን ካልኦት ኢጋጥሚታትን ብውልቁን ምስ መሳርሕቱ ብሓባርን ዝደረሶ "ሰብ ብሰብ"፡ "በደላ"፡ "ክብረት"፡ "እማኾን ኣማን (ብቛንቋ ብዓወየት ዝቐረበት)"፡ "ዕባይ ሰርቢ ደም"፡ "ኣብ ቃልና"፡ "ዘመን ኣብ ጸግዓት"፡ "ውድብና" … ዝብል ኣርእስትታት ዘለዎ ልዕሊ 10 ድራማታትን መዚ.ቃዊ ድራማታትን፡ ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ዓመታዊ ንበሉጽ ስነ ጥበባዊ ስራሓት ኣብ ዘውሃብ ብልጫ፡ ብድራማ ክልተ ዓመት ተሸሊሙ።

2. ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ካልኦት ኢጋጥሚታትን ንኽቐርብ ዝዳለዉ፡ "ዋለቦ"፡ "ሕንቆ ሲጋለት ቀጣን"፡ "ከበበ ናቕፋ"፡ "እተየም ክልተ ጎቢልል"፡ "ክንፈ መጻወድያ"፡ ዝኣርእስትታቱ ንባህልን ገለ ፍጻሜታት ብረታዊ ቓልስን ዘጀብርቕ ሸዱሽተ ሰነዳዊ ፊልምታት።

3. ኣብ መጽሄት "ሕድሪ"፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ካልኦት ዝተፈላለዩ መ ጽ ሄ ታ ት ን መጻሕፍትን ዝወጸ ብ ዓ ሰ ር ተ ታ ት ዝቖጸር ዓንቀጻትን ዛንታታትን።

4. ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ካብ 2005 ክሳዕ 2008 ን4 ዓመታት ብተኸታታሊ ኣዳላዊ ሰሙናዊ ዓምዲ "ባህልን ሕብረተ ሰብን" ኮይኑ ዘቐረቦ፡ "ገብዘ ኣንቶረ" ዝብል ዛንታ ዝርከቦ፡ ብበዓይኑቱ ጽሑፋት።

5. ኣብ ተማከሮ ባህላዊ ስራሕ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራ፡ ካብ 2008 ኣትሒዙ ናይ ዞባዶ መጽናዕቲ ውጽኢት ዝኾኑ ኣብ ክልተ ቅጽታት ወይ መጻሕፍቲ ክወጽእ ዝኽእል፡ ንኽሕተም ምጽፋፍን ኣርትዖትን ጥራይ ዝተረፎ ዓቢ ጽሑፍ።

6. መኰንን ባዕሉ ኣብ ወራር ባሕረ ነጋሽ ብኣካል ካብ ዚጋጠሞ ተማከሮ ተበጊሱ፡ ኣብ ብዙሓት ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ሰነዳትን ዝርዝራውን ጓሕጓሕን መጽናዕቲ ብምኽያድ፡ ብኣዝዩ ጽኑዕ ሕማም ልቢ እናተሳቐየ ኸሎ፡ ታሪኽ ክሰንድ ብዘለዎ ልዑል ኒሕ ጽሒፉ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ 2024 ዝሕተሙ፡ ብዘዕባ ኣሰዋውኣ ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ሓርበኛ ኢብራሂም ዓፋን ብዑቱን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ገለ ካብ ውዕሎታት ተጋደልቲ ኣብ ወራር ባሕረ ነጋሽ (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) ብመኣጢ. ኣዘናትዋ እትትርኽ "ድንገት ኣብ ዓጋመት" ዘርእስታ 500 ገጻት ዘለዋ መጽሓፍ።

ስነ ጥበበኛ መኰንን ኪዳን፡ ኣብ




ምሕደራ'ውን እንተ ኾነ፡ ብጽኑዕ ናይ ስራሕ ስነ ምግባርን ዲሲፕሊንን ዝምራሕን ዝመርሕን፡ ንኣድ ውዑብን ኣላዩን መደብት እዩ ኔሩ። እዚም ዝስዕቡ ሓደ ኽልተ ኣብነታት ምጥቃስ ይኽኣል። ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ መደብ ኣፋዊ ያታታት ኣብ ምኪያድን ምምዕባልን ብዙሕ ጻዒሩ፡ መዝገን ተፈታውን መደብ ንኽኸውን ዓቢ ኣበርክቶ ዝነበረ በዓል ሞያ እዩ። ንሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ዝግበር ምድላዋት፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ዳይረክተር ያታዊ ጉጅለ ባህ.ዞባ ማእከል ብምዃን ስራሑ፡ ነታ ጉጅለ ንኽትሽለም ካብ ዘበቕዕዋ ኣለይትን ክኢላታትን ሓደ ኔሩ።

ብዙሕ ስነ ጥበባዊ ስራሓት ከፍሪ ዘኽኣሎ ምስ ባህላዊ ጉዳያት ዝነበሮ ሰፊሕ ሞያዊ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፡ መኰንን፡ ብ2011 ናብ ባህላዊ ጉዳያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከም ዝቕየር ተገይሩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ብዓበኡ ስነ ጥበባዊ ኣበርክቶታቱ ደማ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሰነዳ ናይቲ ኽፍሊ ብምዃን፡ ቀሊልን ስሉጥን ኣገባብ ኣጠቓቕማ ሰነዳት ከተኣታቱ ክኢሉ።

መጋድልቱ ናይ በበይኑ እዋናት መሳርሕቱን ቀረብቱን፡ መኰንን፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብኹሉ ዝፍለጥ፡ ዝኾነ ስራሕ ምስ ሓዙ ኣብ መፈጸምታ ከይበጽሐ ዘይዕርፍ፡ ሃሳስን ጻዕረኛን ምዃኑ፡ ብሓባራውን ኮማውን ሓልዮት ዝልለ እወታዊ ሓሳባትን ሕውስነ ምንባሩ'ውን ይምስክሩ።

ተጋዳላይ መኰንን፡ ብስእነት ጥዕና ክሳቐ ስለ ዝጀመረ ካብ መወዳእታ 2013 ኣትሒዙ ንሕክምና ናብ ሱዳን ተመላሊሱ። እቲ ሕማም እናበርትዖ ምስ ከደ ድማ፡ ዝሓሸ

ክሕክን ንምርካብ ንኢጣልያ ኸይዱ። ካብ 25 ክሳዕ 30% ጥራይ ብዝሰርሕ ልቡ ህይወቱ ልቢ እናተኻየደን ናብ ሆስፒታል



እናተመላለሰን ግን፡ ኣብ'ዘን ዳሕረዎት ዓመታት'ውን፡ ምስ ቃንዛኡ፡ ተጻሚሙ እናሰርሐ ንወለዶታት ዝተርፍ ተወሰኽቲ ስነ ጽሑፋዊ ሓድግታት ኣፍርዩ። ድሕሪ'ቲ ኹሉ ገድሊ ኸኣ፡ ብ29 ሰነ 2024 ኣብ ከተማ ሚላኖ (ኢጣልያ) ኣብ ሆስፒታል ተሰዊኡ። ብመጠን'ቲ ብዮዝብሪ ዝተማስከረ ኣፍራይነቱ፡ ዕድመን ጥዕናን እንተ ዝረኸበ ኣብ ባህልን ታሪኽን ኤርትራ ብዙሕ ካልእ ኣገደስቲ ስራሓት'ውን ከበርክት ዝኽእል ዝነበረ ደራሲ. መኰንን ኪዳን፡ ኣብ መበል 60 ዓመት ዕድሚኡ ምኽሳፉ፡ ንስድራ ቤቱን ፈተውቱን ጥራይ ዘይኮነ ንሃገሩን ሕብረተ ሰቡን'ውን ዓቢ ጉድለት፡ ዓቢ ኽሳራ እዩ።

ስነ ስርዓት ቀብሩ፡ ሰበ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ወላዲቱ፡ በዓልቲ ቤቱን ደቁን ምስ ምሉእ ቤተሰቡ፣ መጋድልቱ፣ መሳርሕቱ፣ ኣዕርኽቱን ፈለጥቱን ኣብ ዝተረኽብሉ - 23 ሓምለ 2024 ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

# ዓለማዊ መዓልቲ ‘ፍራጃይል ኤክስ ሲንድሮም’ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

‘22 ሓምለ’ - ዓለማዊ መዓልቲ ‘ፍራጃይል ኤክስ ሲንድሮም’፡ “ረብሓን መሰልን ናይ’ቶም ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ንምርግጋጽ ኣፍልጦና ነርኽ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዞባ ማእከል ተዘኪሩ።

‘ፍራጃይል ኤክስ ሲንድሮም’፡ ኣብ'ቲ ንምዕባለ መላግቦ መትንታት ሓንጎል ወሳኒ ዝኾነ መስርሕ፡ ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ዚጋጥም ክስተት ምዃኑ፣ ምስ ዕድመ ድማ ዚያዳ እናጉልሐ ዝመጽእ እኩብ ኣካላዊ ምልክታት ከምዝንጸባረቕ ዝሓበረ - ሓላፊ ጨንፈር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ኣብ ዞባ ማእከል ኣቶ ያሲን ኣሕመድ፡ እዚ ኩነት'ዚ ሓደ ካብ 4,000 ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሓንቲ ካብ 8,000 ድማ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝርአ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ማሕበር ሓላፊት ህዝባዊ ርክባት ወ/ሮ ፋጥማ ዓብዱራሕማን ብወገና፡ ምስ'ዚ ስንክልና ዝነብሩ፡ ካብ ቤተም ወጺኦም ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታት ተሳተፍቲ ምእንቲ ክኾኑ፡ ተራ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ከየዕዘዘ ጸዊዓ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ጉብረሂወት ወልደገርግሽ፡ ውዳብ ማሕበር ክሳዕ ኮማት ብምውራድ፡ እቲ ንጥፈታት ኮማዊ ሰረት ክሕዝ ብዕቱብ ክስራሓሉ ተላቢዩ።

ዓለማዊ መዓልቲ ‘ፍራጃይል ኤክስ ሲንድሮም’፡ ብደረጃ ዓለም ንራብዓይ ግዜ፣ ኣብ ሃገርና ድማ ንፈለማ እዋን እያ ተዘኪራ።




ስእሊ ፡ ዙቤር ሰዒድ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጳ. 1284

# ዜና

## ማእከል - ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ሰምበል ክስልጥና ዝጸንሓ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመረቓን

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ሰምባል ኣካዳሚያውን ሞያውን





ትምህርቲ ክሀበን ዝጸንሐ 532 ኣባላት 34ን 35ን ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ18 ሓምለ ኣመረቑ።

ተመሃሮ ንኣስታት ሓደ ዓመት ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ሞያታት ምርባሕ ንህቢን ደርሁን፡ ስሉኣትክልቲ፡ ምክልኻል ብቖሊ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ልምዓት መስኖ፡ ምሕደራ ሕርሻ፡ ክትትል ኣከባብያዊ ጽልዋ፡ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲን ምክልኻል ኣዝዮጣ ምድረብዳን ከምእተኸታተሉ፡ ርእሰመምህር እታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሰመረ ሰልጣን ሓቢሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀሲታ፡ ትምህርቲ ብበቕዓት ንምስልሳል ንዝተራእየ ወህደት ብምምጓስ፡ ንኹሎም ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኖም።

ወኪል ተመረቕቲ ድማ፡ ብዘቐሰሞአ ትምህርቲ ብዝወፋይኑት ከገልግላ ምእኳን ቃል ኣትያ።

ኣብ መወዳእታ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ ተመረቕቲ - ትምህርተን ብስራሕ ከማዕብልአ ኣዘኻኺረወን።

## ዓንሰባ - ንስንኩላን ደቂ-ኣንስትዮ ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ ተዋሂቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ ን10 ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላቱ - ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ ሂቡ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሽምወስ ወልደገርገስ፡ እቲ ኣብ ከረን ዒላብርዕድ፡ ዓዲ-ተከሌዛንን ሓጋዝን ንዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተዋህበ ልቓሕ፡ ብመሰረት ጠለበን ኩነታትን ናይ'ተን ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝተኻፈለ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ዝተጠርነፉ 349 ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዋ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ዝተገብረ መንፈቓዊ ገምጋም ናይ'ቲ ጨንፈር፡ ዓቕሚታት ደቂ-ኣንስትዮ ንምምዕባልን ተጠቀምቲ ጸጋታት ማሕበር ክኾናን ዝዓለመ ጸዕሪ ከደንፍዕ - መዛኻኸሪ ቀሪቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ዓንሰባን ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናትን ኣቶ ሳልም ዓሊ ሳልም፡ ማሕበር ንኣባላቱ ዝሀብሮ ሓገዛት ናይ ልቓሕ ዕድልን ኣብ ግቡእ መዓላኡ ክውዕል - ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ከባቢታትን ዘድሊ ምትሕብባር ክገብሩ ተላቢዩ።

## ሰንዓፈ - ብቕዓት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ጻዕሪታት ክሕይል ተሓቲቱ

ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ዓይነታዊ ምምሕያሽ ክመጽእ ጻዕሪ መማህራንን ምክትታል ወለድን ክሕይል - ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብ16ን 17ን ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ዓመት-ትምህርቲ 2023/2024 ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር ዑመረዲን መሓመድ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ካብ 15,731 ተመሃሮ እቶም 83.3 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ብምሕባር፡ ምቁራጽ ንምጉዳልን ብቕዓት ተመሃሮ ንምሕያልን ዝያዳ ጻዕሪ ከምዘድሊ ኣገዚቡ።

ምስ ዝሓለፈ ዓመት-ትምህርቲ ብምንጽጻር፡ መጠን ምሕላፍ ተመሃሮ ተመሳሳሊ እኳ እንተኾነ፡ መጠን ምቁራጽ ግን ከምዝወሰኸ ዘመልከተ መምህር ዑመረዲን፡ ድኽመትን ጉድለታትን ብኣጋ ንምእራም መጸናዕቲ ክግበር ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽኩር፡ ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ተመሃሮ ክብ ንምባል፡ መማህራን ፍልጠቶም ብግቡእ ክሕልፉን ንዝደኸሙ ተመሃሮ ኣለልዮም ክሕግዙን ብምልባው፡ ኮሚቲታት ወለዲ ብንጥፈት ክዋስኣን ሃገሩት ኣብያት-ትምህርቲ ኣብ ምምላእ ብዘለዓለ ክሰርሓን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ዓቕሚ መማህራን ንምዕባይ ስልጠናታት ብቐጻሊ ክውደብ፡ ኣብያት-ትምህርቲ ወለድን ኣመሓደርቲ ከባቢን ብሓባር ክሰርሑ፣ መጠን ምትራፍን ምቁራጽን ተመሃሮ ኣብ ብቕዓትን ውጽኢትን ትምህርቲ ኣሉታዊ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ጠንቂ ኣለሊኻ ቅልጡፍ ፍታሕ ክግበር፣ ንብሉጻት ተመሃሮን መማህራንን ምትብባዕ ክግበር ዝብላን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ነበርቲ ምም/ከባቢ ማይሓባር ዲጋ ይሰርሑ ኣለዉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይሓባር፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታምን ጽገም ዝስተ ማይ ንምቕላልን መጠነ ንኡስ ዲጋ ይሰርሑ ኣለዉ።

እቲ ብምውህሃድ ዓቕሚታት ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት፡ ኣብ ምውሓስ ዝስተ ማይ ሰበን ጥሪትን ምርጋጽ ኣከባብን ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ዝጠቕሱ ኣሪና ዝተወከሱዮም ወፋሪ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደበሉ ግዜ ንኽዛዘም ብልዑል ፍናን ይሰርሑ ከምዘለዉ ገሊጾም።

እታ 15 ሜትሮ ብራኸ ዘለዋ ዲጋ፡ 40 ሚእታዊት ካብ ህንጻዊ ስራሓታ ከምእተዛዘመ ዝሓበረ ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኢንጂነር ከስተ ጉብረትንሳኤ፡ ኣቓዲሙ ማይክዖታታ ከምእተፈወሰ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ምሕረትኣብ ኣሰፋው ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ሳልሳይ ወርሒ ሓዚ ዘሎ ስራሕ - ብወፋሮ ንዝርአ ዘሎ ተወፋይነት ብምምጓስ፡ እታ ዲጋ ኪዥ ውሑስነት ዝስተ ማይ ሰበን ጥሪትን፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን እውን ኣበርክቶ ከምእትገብር ትጽቢቱ ገሊጹ።

## ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ዝሕግዝ ስልጠና ወዲቡ

ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ዝሕግዙ ብምዙበሪን ክልስ-ሓሳብን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ካብ 21 ክሳብ 24 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ብምውህሃድ ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ብበሪ ዓዲ-እንግሊዝ ማስተር ዲዛይነር ሰለሙን ዘካርያስ ዝተዋህበ ስልጠና፡ 120 ጉዳይምን ሓደስትን ዲዛይነራት ኣባላት ማሕበር ተሳቲፎም።

እቲ ስልጠና፡ ቅዲ ኣልባሳት፡ ምልላይ ሕብርታት፡ ዲዛይነራዊ ስርሓትን ሞዴልን ፍልልያት ፋሽንን ስታይልን ከምኡ'ውን ንባህሊ፡ ወግዕን ምስልን ብዘራትና ዝውክል ኣልባሳት ከምዝጠቓልል፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ኣቶ ኣብርሃም ስልጣን ሓቢሩ።

ኣሰልጣኒ - ማስተር ዲዛይነር ሰለሙን ዘካርያስ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜኡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ተዛራሪ ዕዮ ምሕላፉ ሓበን ከምዝስምዖ ብምግላጽ፡ ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ንኢዱ።

ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሌተና ኮሎኔል ሳሙኤል ጸጋይ ድማ፡ ንማስተር ዲዛይነር ሰለሙን ድሕሪ ምምስጋኑ ስልጠኑት ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግብሪ ክሰርሑሉ ትጽቢት ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።



# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# በለስ፡ ምሕደራን ጥቕምን

መበቈል በለስ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ከባቢ ሜክሲኮን ደሴታት ካሪብያንን ምዃኑ ይፍለጥ። ገላዕታን ፍሩታ በለስን ከም መግቢ፡ ካብ ቅድሚ 9,000 ዓመታት ኣትሒዙ ዝዉቱር ምንባሩ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። ድሒሩ ድማ፡ ኣብ 17 ክፍለ ዘመን ናብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለምና ክዝርጋሕ ጀሚሩ። ብፍላይ ናይ ማእከላይ ባሕሪ ዓይነት ክሊማ ኣብ ዘለዎ ከባቢታት ዓለምና፡ እዚ ተኽሊ'ዚ ፍረ ከፍርን ዝርኢ ክሕዝን ስለ ዝጀመረ፡ ብንፋስን ኣዕዋፍን ብቐሊሉ ናብ ምሉእ ዓለም ብምዝርጋሕ፡ ብዘገምታ ኣብ ዝተፈላለዩ ጀራዲን ናይ ገደናታትን ኣብ መንበሪ ገዛዉትን ክተኣታቶ ክኢሉ። ንሓፈሻዊ ዝርግሐ በለስ ኣብ ዓለምን ሃገርናን ከምኡ'ውን ምሕደራኡን ዝምልከት ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ኤርምያስ ኣስመላሽ ዝተዋህበ መብርሂ ቀሪቡ ኣሎ።

## ዝርግሐ በለስ ብደረጃ ዓለም

በለስ ብሓፈሽኡ ኣብ ዓለም፡ ብፍላይ ኣብ በዓል ሜክሲኮ፡ ኢጣልያ፡ ቦሊቭያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብራዚል፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ቱኒዝያ፡ ኤርትራን ካልኦትን ተዘርጊሑ ይርከብ። ብ ደረጃ ዓለም ኣስታት 14,485,170 ሄክታር ይሸፍን። ሜክሲኮ እታ ዝበዝሐ በለስ እተፍሪ ሃገር ኲይና፡ ኣስታት 2,062,000 ሄክታር ትሸፍን።

## ምትእትታዉ በለስ ናብ ኤርትራ

ናይ ቀረባ ሓበሬታ ከም ዘነጽሮ፡ በለስ ብሓደ ፈረንሳዊ ሚስዮናዊ ኣብ 1839 ብናይ ሽዑ ኣጸዋውዓ ኣዉራጃ ኣከለጉዛይ፡ ማለት ኣብ ከባቢታት ድግሳ፡ ኣኽሩርን ሔቦን ከም ዝተኣታተወ ይፍለጥ። ቀጺሉ ድማ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን፡ መንገዲ ባቡር ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ዓርበ-ረቡዕ ናይ ሽዑ ኣዉራጃ ሓማሴን ተኣታተወ። ሽሕ'ኳ በለስ ኣብ ኤርትራ ብተፈጥሮ ዝበቊል ዓይነት ተኽሊ እንተኾነ፡ ዝያዳ ከም ኣማራጺ ስነ-ማሕድሮኣዊ ኣብ ሓዉሲ ኣጻምእ ከባቢታት ክትከል ዝኽእል ዓይነት ተኽሊ እዩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣስታት 18,250 ሄክታር መሬት ናይ ኤርትራ ብበለስ ተሸፊኑ ይርከብ። የግዳስ ካብዚ ጠቕላላ ስፍሓት፡ ዳርጋ ሓደ ርብዒ ጥራይ እዩ ኣብ መዓላ ውዒሉ ዘሎ። እቲ ዝተረፈ ኣብ ዱርን ጣሻን ስለ ዝርከብ፡ ዛጊት ኣብ መዓላ ክውዕል ኣይከኣለን።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሸዱሽተ ዓይነታት በለስ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ኤርትራ ይርከቡ። ንሳቶም ድማ ኣሻኽ ኣራንሾኒ በለስ፡ ዘይኣሻኽ ኣራንሾኒ በለስ፡ ኣሻኽ ጻዕዳ በለስ፡ ኣሻኽ ቀይሕ በለስ፡ ዘይኣሻኽ ጻዕዳ በለስ፡ ዘይኣሻኽ ኣዝዩ ቀይሕ በለስን እዮም። ። ኣብ ገላዕታ እንተ መጺእና፡ ኣሻኽን ዘይኣሻኽን ገላዕታ ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ኣብ ከበሳታት ኤርትራ በለስ ኣብ ወርሒ ግንቦት ዓምቢቡ ኣብ ወርሓት ሰነ፡ ሓምለን ነሓሰን ይፈሪ።

## በለስ ዝፈርየሎም ከባቢታት ኤርትራ

ኣብ ኤርትራ ብበለስ ዝተሸፈነ ቦታ 18,250 ሄክታር ኲይኑ፡ ትጽቢታዊ እቶት ድማ ኣስታት 457,500 ቶን ኣቢሉ ይግምገም። በለስ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ከባቢታት ሰገነይቲ፡ ሰንዓፈ፡ ሰለድ፡ ዓላ፡ ዓዲ-ቐይሕን ከባቢኡን፣ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ከባቢታት ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ዓርበ-ረቡዕ፡ ሰይዲሺ፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ከባቢታት ንኡስ ዞባ ገለብ፡ ዒላ-በርዕድ፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ኣብ ከባቢታት ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ጊንዳዕ፡ ነፋሲት፡ ማይ ሓባር፡ እምባትካላን ካልእ ቦታታትን ተዘርጊሑ ይርከብ። እቲ ዝበዝሐ ስፍሓት ከኣ፡ ኣብ ከባቢ ሰገነይቲ ኲይኑ ኣስታት 12,000 ሄክታር ይሸፍን።





ኣቶ ኤርምያስ ኣስመላሽ

## ሓፈሻዊ ክንክን በለስ

### ክሊማ

በለስ ካብ ከበሳ ክሳብ ኣብ ሓዉሲ ኣጻምእ ከባቢታት ክበቊል ይኽእል። በለስ ኣሳሓይታ ኣይጻወርን እዩ። ብመንጽሩ፡ ደርቂ ናይ ምጽዋር ተኽእሎኡ ኣዝዩ ልዑል እዩ።

### ሓመድ

በለስ ኣብ መብዛሕትኡ ዓይነታት ሓመድ ክበቊል ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳ ሃብታም ትሕዝቶ ኣብ ዘሎዎ ሓመድ ጽቡቕ ምህርቲ ክህብ ይኽእል። በለስ ብተፈጥሮኡ ጨዋም ዝኾነ ሓመድ ኣይሰማምዖን እዩ።

### ገላዕታ

ገላዕታ በለስ እቲ ቐንዲ መኽዘን ማይ'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ማይ ወላ ንነዊሕ ግዜ ኣይርከብ፡ ካብቲ ኣብ ገላዕታ በለስ ተኸዚኑ ዘሎ ማይ እናተጠቐመ ንነዉሕ ዝበለ ግዜ ብዘይ ጸገም ክጸንሕ ይኽእል። ካልእ፡ በለስ ብተፈጥሮኡ ካብ ሕማማትን ባልዓትን ተጻዋርነት ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ሃገርና ዘሰክፍ ተርእዮ ሕማም ይኹን ባልዕ የለን።

## ቀምቃም በለስ

### ዕላማ ቀምቃም በለስ

- በለስ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከብ መሬት እናስፋሕፍሐ ሰፊሕ መሬት ክሸፍን ይኽእል። ክንዲ ዝኾነ፡ ግቡእ ቀምቃም ምክያድ የድሊ።
- ብፍላይ ንንግዳዊ ሕርሻ ዝለምዕ በለስ፡ ቀምቃም ግድን የድልዮ።

### ስለምንታይ በለስ ይቕምቀም

- ፍርያት/ምህርቲ ዝህበሉ ግዜ ንምንዋሕ።

- ዕብየትን ዓቐንን ናይቲ በለስ ገረብ ብግቡእ ንምቊጽጻር።

- ኣብ ግዜ ምህርቲ፡ እቲ ፍሩታ በለስ ብቐሊሉ ብኢድካ ከም እተርክቦ ንምግባር።

- ብሰንኪ ሕማማትን ባልዓትን ዝወርድ ጉድኣት ንምቕናስ።

- ዝኣረገ ተኽሊ በለስ ንምሕዳስ።

- ማሽነርን ሰባትን ብግቡእ ከም ዝንቀሳቐሱ ንምግባር።

- ንምቅልጣፍ መድሃኒት ምንጻግን ድኹዒ ንምግባርን።

- ንምቅልጣፍ ስርሓት ኣብ እዋን እቶት።

### በለስ መዓስ ይቕምቀም

በለስ ኣብ ግዜ ድቃሱ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ነቐጺ ይቕምቀም። እዚ ኮይኑ ግን፡ ስሑዉ ቀምቃም ከከም ግዜኡ ዓመት ምሉእ ይካየድ።

### ዓይነት ቀምቃም በለስ

1. **መሪጽካ ዝግበር ቀምቃም**

- ንኣሽቱ ወይ ሓደ ዓመት ዝዕድሚኦም ገላዕታ በለስ፡ ኣብ ዉሽጢ ዓቢ ጽላል በለስ ዝርከቡ ዝሓመሙ፡ ቅርጾም ዝተበላሸዉ፡ … ብግቡእ ይእለዩ።
- ብዘይግቡእ ተደራሪቦም ዝርከቡ ገላዕታ በለስ ክቕምቀሙ ይግባእ።

2. **ዳግመ-ምሕዳስ፡ ምጽልጻል**

- ሓደስቲ ገላዕታ በለስ ብግቡእ መታን ንኽወጽእ፡ ካብ 3 ክሳዕ 4 ኣረጊት ጨናፍር ገላዕታ ክእለዩ ይግባእ። እዚ ምእላይ፡ ዳግመ-ምሕዳስ ወይ ምጽልጻል ይብሃል።

- ዳግመ-ምሕዳስ፡ ምጽልጻል ምህርቲ ፍረ በለስ ብሓደ ዓመት የደናጉዮ። ምኽንያቱ እቶም ሓደስቲ ገላዕታ በለስ፡ ናብ ደረጃ ምህርቲ ንኽበጽሑ ግዜ ስለ ዘድልዮም'ዩ።

### መሳርሒታት መቐምቀሚ በለስ

ንመቐምቀሚ በለስ ተባሂሎም ዝተሰርሑ ፍሉያት መቐምቀሚ መሳርሒታት ወይ መጋዛት ኣለዉ። የግዳስ ብሓዉሲ ነዊሕ ካራ ገይርካ ክትቀምቅሞም ይከኣል'ዩ።

### መኣዛዊ ትሕዝቶ በለስ

ፍሩታ በለስ ልዑል ትሕዝቶ ጸረ-ምራት፡ ዝተፈላለዩ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ኣለዎ። ብተወሳኺ ሃብታም ትሕዝቶ ካልሸየም፡ ፖታሽየም፡ ጭሕጋ፡ ፕሮቲንን ካርቦሃይድሬትን ኣሎዎ።

### ጥዕናዊ ጥቕምታት በለስ

በለስ ኣብ ምጉዳል ሕማም ሽኮር፡ ልዑል ኮለስትሮል፡ ምኽሳዕ/ክራሽ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ዓቢ ግደ ይጻወት። ካልእ ድማ፡ ጸረ -ቫይረስን ጸረ-ኣነዳሪ ባህሪ ወይ ጠባይ ኣለዎ። ኣብ ምፍዋስ ቁስሊ ከስዐ፡ ምክልኻል ካብ ነድሪ፡ ምጉዳል ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም፡ ኣብ ሰብነትና ሕማም ምጽዋር የበርትዕ ወይ ክብ የብል፡ ካብ ሕማም ልቢ ይከላኸል፡ ኣብ ምጽራይ ዳንዱር (ረጉድ መዓንጣ) ዓቢ ተራ ይጻወት። ጸላም ከብዲ ከይትጉዳእ ይከላኸል፡ ንሕማም ከስዐ የዝሕል፡ ንተደጋጋሚ ሕማም መርዘንን ዕድላት ወቕዒ ሓንጎልን ይቕንስ። ቀርበትና ከይኣርግ ይከላኸል፡ ኣብ ምሕዋይ ቁስሊ ዓቢ ተራ ይጻወት፡ ከም ሻምፖ/መግቢ ንጸጉሪ፡ ከም መለስለሲ ጸጉርን ካልእን ድማ የገልግል።

### ለበዋ

ነዚ ዘለና ሃብቲ በለስ ብግቡእ ንምብርባር፡ ኩሉ ዘጠቓልለ ዓቢ እማመ ፕሮጀክት ምድላዉ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ሃብቲ በለስ ሃገርና ናብ ኢንዱስትሪያውን ንግዳውን ቀይርካ፡ ንውሽጣዊ ሃልክን ንሰደድን ዓሊምካ ምስራሕ የድሊ።

ንቐደም በሉ!

### ማርማላታ በለስ

#### ዘድልዩና ጥረ ነገራት

- 1 ኪሎ ዝበሰለ በለስ
- 1/4 ኪሎ ሽኮር
- 1 ማንካ ሻሂ ሕካኽ ለሚን
- 1 ማንካ ጣውላ ጽማቕ ለሚን
- 3 ፍረ ቅንፍር

#### ኣገባብ ኣሰራርሓ

- መጀመርታ ዘዳለናዮ ዝበሰለ በለስ ንጸምቑ፡ ብምቕጻል ፍረ በለስ ክፍለየልና ኣብ መንፊት ጌርና ንዘቑ
- ብድሕርዚ፡ ዝተዘቑ በለስ ኣብ ጽሩይ ድስቲ ብምግባር ኣብ ህዱእ ሓዊ ንሰኽትቶ
- ትሕዝቶ ማዩ ወዲኡ ፈኽፈኽ ምስ በለ፡ ሽኮር ኣእቲና፡ ክሳዕ ዝሓቅቕን ጽቡቕ ጌሩ ዝበስልን ንጽበዮ
- ከነውርዶ ክንብል ከለና፡ ሕካኽ ለሚን፡ ጽማቕ ለሚንን ቅንፍርን ኣእቲና ንሓሙሽተ ደቓይቕ ነብስሎ
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ጽሩይ መኽደኒ ዘለዎ መትሓዚ ብምግምጣል፡ ከዲንና ኣብ ዝሑል ቦታ ንዕቅቦ፡ ኣብ ዝደለናዮ እዋን ንምገቦ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሽውዓተ መፍትሕ ዓወት - (2)

መም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

## 4) ተዓጻጻፍነት

ተዓጻጽፍነት ሽቶኻ ኣብ ምውቃዕ ዝዕንቅጹኻ ነገራት ኣሊኻ ወይ መንገዲ ቐይርካ ዕላማታትካ ንኸተትግብር ይሕግዝ። ከምቲ ኹሉ ግዜ እትሰርሖ ትሰርሕ እንተደኣ ኮይንካ ከምቲ ኩሉ ግዜ እረኽቦ ውጺት ኢኻ እትረክብ ዝብል ብሂል እስከ መርምሮ። ኣሰርራርሓኻን ኣመለኻክታኻን ከይቀየርካ፡ ሓድሽ መንገዲ ከይተኸተልካን ሓድሽ ውጽኢት ዘይምርካብካ ከገርመካ የብሉን እዩ ዝብለካ ዘሎ። እዚ ከኣ ኣድማሳዊ ሕጊ ጠንቅን ሳዕቤንን ክሳዕ ክንደይ ድንቂ ምኳኑ የርኢ። እዚ ሕጂ ዘለኻዮ ደረጃ ውጺኢት ሕሉፍ ተግባራትካ እዩ። ስለዚ ኣብ መጻኢ ዓበይትን ሓደስትን ነገራት ክህልዉኻ እንተደሊኻ፡ ሎሚ ንየኦም ከጨብጠካ ዝኽእል ስጉምታት ውሰድ።

ተጻዋርነትን ዘይምሕላልን ኣገደስቲ ባእታት ንዓወት ደኣ ይኹኑ እምበር ብዘይ ተዓጻጻፍነት ዋጋ የብሎምን። ብዘይ ተዓጻጻፍነት ምጉዓዝ ማለት ከኣ መዋእልካ ንሓደ ክንቀሳቐስ ዘይክእል ነገር ከተንቀሳቕስ ሕጊግ ከም ምባል ክቐጽር ይከኣል። ስለዚ ዘ0ውቱኻን ዘየ0ውቱኻን ሚላታት ኣነጺርካ ምፍላጥ ከገድሰካ እዩ። ሽቶኻ እትወቕዓሉም ካልኦት ኣማራጺታት ሃሰው ካብ ምባል ውን ዓዲ ክትዉዕል የብልካን። እንተደኣ ንዓወት ናይ ብሓቂ ትሃርፋ ኣለኻ ክትረኽባ ትኽእል ኢኻ። ሓደ ክትፈልጦ ዘለካ ነገር ግን ኣሎ። ዝግባእ ጻዕሪ ክትገብርን ንሳ እትጠልቦ ዋጋ ክትከፍልን ድሉው ምኳን!! ሓንሳብ ክልተሳብ ፈቲንካ እንተዘይተዓዊትካ፡ ክሳዕ እትዕወት ሜላታት እናቐያየርካ ጻዕርኻ ቀጽል።


## 5) ጽኑዕ እምነት

ካብ ፈተውትኻ፡ መትዓብይትኻ፡ ኣሕዋትካ፡ መሳርሕትኻ ሕልምታትካ ክትጭብጥ ከቢድ ወረ ፈጺሙ ከምዘይከኣል ምስናይ ኣብነታዊ ተመኩሮኦም ክገልጹልካ ይኽእሉ እዮም። ምናልባት ከም ናትካ ዝመስል ሕልምታት ዘለዎም ብብኽዓትን ተመኩሮን ከኣ ካባኻ ዝበልጹ መሲሎም'ውን ክረኣዩኻ ይኽእሉ። እዚ ግን ከርዕደካ የብሉን። ልክዕ'ዩ ንዘረባታቶም ዕሸሽ ክትብሎ የብልካን። ክትምኮረሉ ደኣ እምበር ንዕኡ ሰሚዕካ ኢድካ ኽትህብ ግና ኣይግባእን።

ብዙሓት ሰባት ብኻልኦት ተደፋፊኦም ወይ ብገዛእ ተበግሶኦም ሓደ ዕላማ ንምጭባጥ ይብገሱ እሞ ድሕሪ ግዜ ግና ተስፋ ቖሪጾም ከቋርጹ ይረኣዩ እዮም። እዚኦም ሓንጎሎም ኣብ ክንዲ ብተኽእሎታት ብዘይተኽእሎታት፡ ኣብ ክንዲ ድሕሪ ምዕዋትካ ዘሎ ሓጎስ ድሕሪ ፍሽለት ዘሎ ሓዘን ስለዝቓንይዎ እዮም ዘይዕወቱ። ዓይነት ስራሕ ብዘየገድስ ክትዕወት ትኽእል ኢኻ። እቲ ሕቶ ሕቶ እምነት እዩ። እትሰርሖ ስራሕ ሰባት የብልዕ ኣሎ ስለዝበሉኻ ወይ ንግዚያዊ ረብሓ ኢልካ እትሰረሖ ክኸውን የብሉን። ብኸምዚ እትጅምሮ ስራሕ ኣብ መዓልብኡ ከተብጽሖ ዘለካ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ምናልባት ኣብ ሓደ መዓልቦ እንተ ኣብጻሕካዮ ከኣ ዕግበት ኣይትረኽበሉን። ሕሰቦ እሞ እዚ ኹሉ ሃሊኽካስ ንዘይዕግበት። ካብ ልብኻ ኣሚንካ ዝሰራሕካዮ ስራሕ እትደልዮ ውጺኢት ይህበካ። ከይኣመንካ ዝሰርሕካዮ ግን ዘይትደልዮ ውጽኢት ይህበካ። ብዙሓት ሰባት ዘይዕወትሉ ምኽንያት ወለዶም እዝን እዝን ኢና ካባኻ ንጽበ እሞ ከምዚ ግበር፡ ይብልዎም። መማሃራኖም ኣነ'ውን ከምዚ ናትካ ዓይነት ሕልሚ ነይሩኒ ግና ትምህርትን ህይወትን ነንበይኑ እዩ። እዚ ኣብ ከምዚ ዘለኻዮ ናይ ተማሃራይ ደረጃ ኮይንካ ዘይክስቀረካ ይኽእል። ዳሕራይ ግና እንታይ ይብል ነይሩ ክትብል ኢኻ ብምባል ተመኩሮኦም የዕልልዎም። ኣዕሩኽቶም ነዳቓይ ኩን፡ ሽቐጥ እሞ ንጀምር ክንድዚ መበገሲ ኣለኒ። ኣጆኻ ተሓጋጊዝና . . . እልቢ ዘይብሉ መብጻዓታትን ምኽርታትን የስዕብሎም። ብኸምዚኦምን ካሎኦትን ዝመሰሉ ኹነታት ካብ ቀንዲ ድሌታቶምን ሕልምታቶምን ናብትን ናብትን ክብሉ ግዚኦም የሕልፉ። ወይ ኣብ ሓደ ነዊሕ ተጓዒዞም ብጽቡቕ'ውን እናኣሰላሰሉ ጸኒሖም ሃንደበት ይርጥርጥዎ። ናይዚ ምኽንያት ኣሚኖም ስለዘይተበገሱ እዩ። ኣብ ጉዕዞኻ ውድቀት ከጋጥመካ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ነቲ ዕላማ ኣሚንካ እንተተበጊስካሉ ሽውዓተ ግዜ ወዲቕካ ሸሞንተ ግዜ ክትትስእ ትኽእል ኢኻ። ክንድተን ዝወደቕካየን እንተተሲእካ ናብ እተብሎ የብልካ። ሓንቲ ስጉምቲ እንተወሲኽካላ ግን ኣብ ጎደና ዓወት ኣለኻ ማለት እዩ። ኣብ ዕላማኻ እምነት እንተሃልዩካ ተሲእኻ ክትቅጽል ኢኻ። ምኽንያቱ እምነትካ፡ እቲ ውሽጣዊ ሓይልኻ እዩ ዝደፋካዘ ሎ።

## 6) ኣመስጋኒ ምኳን

ኣመለኻኽታና ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘለዎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ነጋዶ እወታዊ ኣመለኻኽታ ክህልዎም እዮም



ዝመዓዱ። ምኽንያቱ እወታውነት ወይ ኣሉታውነት ብቐጠታ ንዕዳጋኦም ስለዝጸልዎ። ስፖርታውያን ክዕወተ'የ ዝብል መንፈስ ሒዞም ናብ ግጥም ክኣትዉ ይንገሮም። ምኽንያቱ ብቐጠታ ምስ ብቕዓቶም ስለዝተሓሓዝ። ሕግታት ዓወት እወታዊ ኣመለኻኽታ ክህልወና እዮም ዝገልጹ። ስለምንታይ ግን ኣመስጋኒ ምኳን? እዚኣ ሃንደፍ ኢልካ እትምለስ ሕቶ ኣይኮነትን። ኣመስጋኒ ምኳንን ዘይምኳንን ን ኣእምሮና ብእወታ ወይ ብኣሉታ ምቕናይ ማለት ክበሃል ይከኣል። ኣመስጋኒ ልቢ ክፍኣት ኣይሓስብን እዩ። ኣብ ስራሕካ ካብ ውልቃዊ ጥቕምን ስስዐን ተበጊሶም ዝጻብኡኻ ሰባት ከጓንፉኻ ይኽእሉ ወይ ንኻሎኦት ከምኡ ዝገብሩ ሪኢኻ ትኸውን። እዚኦም ንኻሎኦት እናጸለሙ ኽነብሩ ዝሓስቡ እዮም። ከምዚ ዝገብሩ ንኽዕወቱ እዮም። እዚ ግና ሳዕቤኑ ይኸፍእ። ምኽንያቱ መጥበውቲ ጥራይ ዘይኮኑ ወላ ሓሳባት ውን ንየኦምን ከምኦምን ዝመስል እናወለዱ እዩም ዝቐጽሉ። ብዋጋ ሰባት ክትነብር ትሓስብ እንተኾይንካ ቀናእ ኢኻ። ቀናእ እንተኮይንካ ደገኻ ብዘየገድስ፡ ሰባት ከመይ ይርእዩኻ ብዘየገድስ ውሽጣዊ ሰላም የብልካን። ብኣንጻሩ ኣመስጋኒ ልቢ እንተደኣ ሃልዩካ ብዘለካ ቅሱን ኢኻ። ቅሱን እንተኾይንካ ቀናእ ኣይኮንካን። ቀናእ እንተዘይኮይካ ውሽጣዊ ሰላም ኣለካ። ንዓለም ከኣ ብተስፋን ሓጎስ ትነብራ። ኣብ ሂወትካ ካብ ሕዙን ፡ መማረሪ ፡ ተስፋ ኣልቦ ምኳን ፡ ሕጉስን ትስፍዉን ክትከውን ከም እትደሊ ፍሉጥ እዩ። ስለዚ ከኣ ነዞም ነገራት ንምውናን ኣመስጋኒ ኹን። ብዘለካ ዘይተመስግን እንተኾይንካ፡ ኣእምሮኻ ብጎዲሎምኻ ዘልው ነገራት ይምላእ። ስለዚ ከኣ ናይ የብለይን፡ ሲኢነ ዝብሉ መረረታት ወልፊ ይሕዘካ። ወላ ብዙሕ ካብ ድሌታትካ ረኺብካዮ እንክለኻ ቅሳነት የብልካን። ኣብ ህይወት ካብዚ ዝኸፍእ እሞ እንታይ ኣሎ? ስለዚ እምበኣር እወታዊ ኣመለኻኽታ ህይወት ክህልወካ ጽዓር። እቲ ጉዕዞ ሕጂ ጀምሮ። እስኪ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል መዓልታዊ ይዕበዩ ይንኣሱ ንዘጋጥሙኻ ጸጽቡቓቶም መዝግቦም። ድሕሪ ወርሒ እቲ ውጺኢት ከገርመካ እዩ።

እስከ ማኮላህን ኣሞንስን ዝተባህሉ ክልተ ኪኢላታት ስነ ልቦና ኣመስጋኒ ምኳን ኣብ ሂወትና ዘለዎ ጽልዋ ንዝካየድዎ መጽናዕቲ ንተዓዘብ። እዞም ክልተ ተመራመርቲ ስነ ልቦና ሰለስተ ጉጅለ ሰባት እዮም ኣብ ምርምሮም ኣቕሪቦም። እቶም ሓደ ጉጅለ ኩሉ (ጽቡቕን ሕማቕን) መዓልታዊ ዘጋጥሞም ኣብ ዲያርታትቶም ዘስፍሩ፡ እቶም ኻላኣይቲ ጉጅለ ከክፉኡ ዝምዝግቡ፡ እቶም ሳልሰይቲ ከኣ ጸጽብቐ ዝምዝግቡ እዮም።

እቲ ውጺኢት እቶም ጸጽቡቒ ጥራይ ዝምዝግቡ ዝነበሩ ዝለዓለ ትኩርነት፡ ውዕውዕ ስምዒት፡ ቆራጽነት፡ ትስፍዉነት፡ ህርኩትነት ኣመዝጊቦም። ካብቲ መጽናዕቲ

1) ኣመስገንቲ ስሱዓት፡ ቀነኣት ክኾኑ ከምዘይክእሉ

2) ኣመስጋኒ ምኳን ንግዳማውን ውሽጣውን ትሪኢትካ ግሩም ከምዝገብሮ

3) ኣመስጋኒ ምኳን ሕጊ ስሕበት ብልክዕ ከምዝሰርሓልካ ከምዝገብር ማለት ጸጽብቐ ከም ዘስሕበልካ ክረጋገጽ ተኻኢሉ። ብዘይካ'ዚ እቶም ኣብ መጽናዕቲ ዝቐረቡ እወታውያን ጉጅለ ውሑድ ጽቕጢ ዝግጥሞምን ንኻልኦት ክሕግዙ ብቕዓት ዘለዎምን ምኳኖም'ውን ተረጋጊጹ። ብዘይካ'ዚ ንጥፈታቶም ብስሩዕ ከተግብሩን ኣብ ዕላማኦም ጽቡቕ ገስጋስ ከመዝግቡ ከምዝኽኣሉን እውን ተረጋጊጹ። ንስኻ'ውን መዓልታዊ ጸጽብቐ እሞ መዝግብ ጸጽብቐ ክትረክብ ኢኻ። ስለዚ ኣመስጋኒ ምኳን።

## 7) ተምሳጥ

እንታይ እዩ ልዕሊ ኹሉ ዝምስጠካ። ኣብ መዓሙቕ ልብኻ ደስ ዝብሉኻ፡ ኣዚኻ እትሃርፎምን እትብህጎምን ኮታ ተምሳጥ ዝፈጥሩልካ ነገራት ወይ ሕልምታት ኣለዉኻዶ፧ ብልክዕ እዝን እትን እናበልኩ ክዝርዝረካ እኳ ክብድ ዝበለ እንተኾነ፡ እዚኣቶም እቶም ሓጎስ፡ ዕግበት፡ ቅሳነት ዝፈጥሩልካ ምኳኖም ግን እፈልጥ። ምኽንያቱ ንወዲ ሰብ እቶም ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ክጭብጦም ዝብህግ እዮም ሓለፋ ኩሉ ተምሳጥ ዝፈጥረሉ ።

ከም ሰብ ዝደለኻዮ ክትረክብ፡ ናብ ዝደለኻዮ ክትጎዓዝ፡ ከምቲ እትምነዮ ዓይነት ህይወት ክትመርሕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ምናባት ከቢድ ክመስል ይኽእል። ግን ከኣ ኰዉን ሓቂ እዩ። ብዙሓት ሰባት ከምቲ እንደልዮ ከይንነብርን ዓወታት ከይንጓናጸፍን ዝኽልክለና ኣብ ሕሉፍናን ሕጽረታትናን ስለ እንነብር እዩ። ወለድና ምናልባት መባእታዊ ድሌታት ኣብ ምምላእ ወይ ካብ ኣፍ ናብ ኢድ ይነብሩ ነይሮም ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ግን ምስ ምዕባለን ትምህርትን ዝሓሸ ዕድላት ስለዘሎ ኪንዮ መባእታውያን ድሌታት ክንስጉምን ዓወታት ክንጭብጥን ንኽእል ኢና። እቲ ቀንድን ኣገዳስን ነጥቢ ግን ድሌታትካ ኣብ ምርካብን ዘይምርካብን ኣይኮነን። ገለ ሰባት ሓደ ነገር ክሰርሑ ተበጊሶም ይረኽብዎ ከኣ። እዚ ኮይኑ ከብቅዕ ግን ሓጎስ ኣይረኽቡን። ዕግበት ክስምዖም ዘይምኻሉ ወላ ንዕኦም ስለዘገርሞም ህይወት ማለት እንታይ ድያ፧ ብምባል ይግረሙ። ኣብ ስራሕ ደረጃ ሓላፍነት ወሲኽካ፡ ምዉቕ ሓዳርን ውላድን ሃልዩካ ከተብቅዕ ሕጉስ ዘይትኾነሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ? ነዞም ነገራት እዚኣቶም መፈንጠራታት ዓወት ክብል ስቴቭን ኮቪ ይገልጾም። ምኽንያቱ እዞም ውጺኢት ናይ መስርሕ እዮም። ዕዉት ንምኳን ከኣ መስርሕ ኢኻ ክትቆጻጸር ዘለካ። እዚ ምስ እትገብር እትደልዮ ውጺኢት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። መስርሕ ከይተቖጻጸርካ፡ ኣብ ውጺኢት ጥራይ ምትኳር ግን ትርጉም የብሉን። ኮቪ ንኸምዚ ዝበል ኩነት ምስ ምድያብ ኣስካላ የነጻጽሮ። ውጺኢት ጥራይ ዝገድሰካ እንተኾይኑ ኣስካላ ስለዘረኸብካ ጥራይ ንላዕሊ ገጽካ ከም ድላይካ ክትጎዓዝ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝባን ዚንጎ ምስ ተሰቐልካ እታ ኣስካላ ናብታ ዝደለኻያ ዘይኮነት ናብ ዘይደለኻያ ገዛ ከም ዘደየበትካ ክትዕዘብ ኢኻ። መስርሕ ክትቆጻጸር ትደሊ እንተኾይንካ ግን ኣቐዲምካ ናይታ ኣስካላ ድልዳለ፡ ናብ ኣየናይ መንደቕ ናብቲ ዝደለኻዮ ወላ ዘይደለኻዮ ተጸጊዓ ከምዘላ ከተስተባህል ኢኻ። ስለዚ ከኣ ብኸመይ ናብ ዝባን እታ ዝደለኻያ ገዛ ክትበጽሕ ትኽእል ከሎ ጌና ክትፈልጥ ትኽእል። እዚ ንምግባር፡ ብዕምቀት ክትሓስብ የድልየካ። ኣብ ህይወት ዕዉት ንኽትከውን ዘድልየካ መሰረታዊ ነገር ንገዛእ ርእስኻ ብግቡእ ክትፈልጦ ምኻኣል እዩ። ንገዛእ ነብስኻ ኣብ ምንዳይ ምስ ተዓወትካ፡ ረኺበኪ ናበይ ገጽኪ ኢኺ በላ። እቲ ንሳ እትህበካ መልሲ ከተተግብሮ ብዝጀመርካ ብዘይጥርጥር ኣብ ውሽጥኻ ተምሳጥን ውዕዉዕ ስምዒትን ክፍጠር ክትዕዘብ ኢኻ። ነዚ ኢኻ ከኣ ክትጭብጦ ክትቃለስ ዘለኻ። ወድሓንኩም ንስኻ/ኺ ንዓወትን ዕግበትን ኢኹም ተሰሪሕኩም!



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጸውጸዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...

### መበል 23 ክፋል

ንጽባሒቱ ንግሆ ኣርባዕተ ሓለቓታት ዓዲ ምሉብ ተኣከቡ። ቀንዲ መኣከቢኦም ብዛዕባ ጽርግያ ዓዲ ምሉብ ነበረ።

ሓለቓ ታቶ፡ "ክቡራት ኣሕዋት ከምቲ ዝወጠንናዮ ተዓዊትና ኣለና። ከምቲ ክሕብረኩም ዝቐንኹ ዓሰርተ ኣጉባዝ ዓቢ ስራሕ ሰሪሖም። ኣብዚ ክልተ መዓልቲ ድማ ሰቦት ኣብ ክልተ ጫፍ ናይ ጽርግያ መስተርሆት 'ንኣህባይ መግቢ ምሉብ ሓደጋ ስለዘስዕብ መግቢ ከይትህቡ፡' ዝብል ታቤላ ገይሮም ኣለው። ኣብዚ ክልተ መዓልቲ ድማ መግቢ ዝበሃል ኣይሃቡን። ድሕሪ ደጊም ጉዳይ ተወዲኡ ኣሎ፡" መብርሂ ሃቦም።

"ብዝሰራሕኩምዎ ዕዮ ኣመና ዓጊብና ኣለና። ሓቂ ምዝራብ ኣብቲ መጀመርታ ዘሸውን ኮይኑ ኣይተሰመዓናን። ሕጂ ግን ኣህባይ ማዕረ ክንደይ በላሕቲ ምኳንና በሪሁሊዩ ኣሎ። ድሕሪ ደጊም እንሰግኣሉ ጉዳይ የብልናን። ንሰባት ክንልውጥ ምኽኣልና ኣዚና በላሕቲ ምኳንና ኣዘኢሩልና ኣሎ። ክብሪ ይግብኣኩም እዩ። የቐንየልና!" ሓደ ካብቶም ሓለቓታት ሓገሱ ገለጸ።

"እዚ ስራሕ ናይ ኩልና ስራሕ እዩ። ሳላ ሓቢርና ዝሰራሕና ኢና ተዓዊትና፡" ሓለቓ ታቶ ሰክፍታ እናተሰመዖ ተዛረበ።

በዚ ተረዳዲኦም ናብ ንጉስ ኣጋ ምሸት ክኸዱ ብቑጸራ ተፈላለዩ።

ህበይ ዳዉ፡ ብዛዕባ ጽርግያ መስተርሆት ከይሓሰበ ብሓጎስ ምስ ደቂ ዓዱ ክዕንድር ወዓለ። ቡተን ብሸቑረራ ዝሕለፈን መዓልትታት ጉሂዩ። ደስ ኢልዎ ኣብ ዓዱ ምስ ደቂ ዓዱ ክጻወት ወዓለ። ንጽርግያ መስተርሆት ተጸየና። ድሕሪ ሕጂ ናብኣ ገጹ ንኸይከይድ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ። ባህታ ዘለዎ ህይወት ድማ ክነብር ጀመረ።

ናይ ምሸት እቶም ኣርባዕተ ሓለቓታት ናብ ቤተ መንግስቲ ከዱ። ብንጉስ ደስ ዝብል ኣቀባብላ ተገበረሎም። ጽንሕ ኢሎም ድማ ናብ ጉዳዮም ኣተዉ።

ኣመሓዳሪ፡ "ክቡር ንጉስ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ከምዝተበሃሃልናዮ ኣህባይ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ከይዶም መግቢ ከይጽበዩ ተሰማሚዕና ነይርና። ዳርጋ ኩሎም ኣህባይ'ኳ ምኽድ እንተኣቛረጽዎ ሓደ ህበይ ግን ብቐጻሊ ይመላለስ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ሓለቓታት ንሰባት ክልውጡ ተሰማሚዖም። ከም ስምምዖም መሰረት መግቢ ንዘሃቡት መኪና ጽርግያ ክዓጽዉ ጀመሮም። ጽሕሪ ክንደይ ጻዕሪ ከኣ ሰባት ንተግባርና ተረዲኦም ንኣህባይ መግቢ ምሃብ ገዲፎሞ። ኣብ ክልተ ሓፍ ጽርግያ መስተርሆት ድማ 'ንኣህባይ መግቢ ኣይትሃቡ' ዝመልእኽቱ ታቤላ ሰቒሎም ኣለው። ካብዘን ዝሓለፋ ገለ መዓልትታት ድማ መግቢ ምሃብ ገዲፎሞ ኣለው። እቲ ናብዛ ጽርግያ ዝመላለስ ዝሰበረ ሓደ ህበይ ድማ ብጥሜት ክመውት ምስ ደለየን ብሓለቓታት ምኽሪ ምስተዋህቦን ካብ ካብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ መዓልትታት ጀሚሩ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ምኻድ ኣቋሪጽዎ ኣሎ። ስለዚ ክቡር ንጉስ ነዚ ክንሕብር ኢና መጺእና፡" ኣመሓዳሪ ጸብጻቡ ኣቕረበ።




ንጉስ ኣመና ተሓጎሰ። ንኹሎም ሓለቓታት ብኸተርዓት እናጠመተ፡ "ከምዚ'የ ዝበልኩኹም ንሕና ኣህባይ ኢና፡ ካብ ኩሎም እንስሳታት ዝበለሕና። ስለዚ ኣእምሮኹም ተጠቒምኩም ዓቢ ቀም ነገር ምስራሕኩም ኣመና ሕጉሰን ብኣኹም ኮሪዐን ኣለኹ። ስለዚ ናይ ደሰደስ ድግስ ድሕሪ ጽባሕ ክንገብር ኢና። ኣመሓደርቲ ምድላዋት ኣጻፍፉ። ንኹሎም ኣህባይ ከኣ ንገርዎም፡" ተዛረበ። ብስራሕ ደቂ ዓዱ ኣመና ተደሰተ።

"የቐንየልና ግርማውነትኩም። ከምቲ ዝበልኩምና ድሕሪ ጽባሕ ድግስ ከምዘለና ክንሕብር ኢና። የቐንየልና፡" ብምባል ካብ ቤት ንጉስ ክወጹ ተበገሱ። ተመራሪሖም ድማ ናብ ማእከል ዓዶም ኣበሉ። ኣብ ጉዕዞ እንከለዉ ኣብ ማዕዶ ንህበይ ዳዉ ብሓጎስ ምስ ደቂ ዓዱ ክጻወት ርኣይዎ። ህበይ ዳዉ ምስ ደቂ ዓዱ ብሓጎስ ክጻወት ምስ ረኣይዎ ንሶቶም'ውን ተሓጎሱ።

* * *

ኣመሓዳርን ኣርባዕተ ሓለቓታት ዓዲ ምሉብን ብምትሕብባር ድግስ ከምዝለ ንኹሉ ወዲ ዓዲ ሓበሩ። ኢደይ ኢደካ ኢሎም ድማ ኩሉ ምድላዋት ኣጻፈፉ። ነንሕድሕዶም ስለዝተሓባበሩ ንድግሶም ንምምዕራግ ብዘኽእሎም ተሳተፉ።

ግዜ ድግስ ኣኸለ። ዓቢ ድግስ ተዳለወ። ዝበለፀ ዝስተ ተቐሪቡ ኩሉ ወዲ ዓዲ ምሉብ ብሓጎስ ተቛደሰ። ምዝንጋዕን ጸወታን ኮነ። በሊዖም ሰቲዮም ምስ ወድኡ ጥኑምባ ተሃርመ። ኩሉ ወዲ ዓዲ ምሉብ ኣብ ዝበርዎ ቈይሞም ዘረባ ኣቛረጹ።

ኣመሓዳሪ ንኹሎም ኣህባይ እናተዓዘበ ክዛረብ ጀመረ።

"ዘኸበርኩ ኣህባይ ደቂ ዓዲ ምሉብ ብመጀመርታ እንቋዕ ሓጎሰና። ዝ ናይ ሎሚ ድግስ ኣመልኪቱ ንጉሰና መልእኽቲ ስለዘለዎ ንጉስ ንኽዘረብ ዕድል ክህቦ። ብጽሞና ክትከታተሉ እዕድመኩም፡" ብምባል ንጉስ ንክዛረብ ዕድል ሃቦ።

ንጉስ ካብ ኮፍ ዝበሎ ሓፍ በለ።

ኩሎም ኣህባይ ዓዲ ምሉብ ኣብ ኣፍ ልቦም ብምህራም ሓጎሶም ገለጹ።

ኣመሓዳሪ የማናይ ኢዱ ሓፍ ኣበለ።

ኩሎም ኣህባይ ኣፍ ልቦም ምህራም ኣቋረጹ። ናይ ኩሎም ኣዒንቲ ኣብ ንጉስ ዓለባ። ኣብ ልዕሊ ንጉሶም ዓቢ ፍቕርን ክብርን ስለዘለዎም ብሓጎስ ክሰምዕዎ ተዓለዉ።

ይቕጽል

## ግድል ደደ

በዘን ተዋሂበን ዘለዋ ቁጽርታት፡ ነተን ኣብ ታሕቲ ተዋሂበን ዘለዋ ውጽኢት ብምድማርን ምጉዳልን ስርሕወን። ሓንቲ ቁጽሪ ሓደ ግዜ ኣብ ምድማር ወይ ምጉዳል ምስ ተጠቀምኩምላ፡ ካልኣይ ግዜ ክትጥቀሙላ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ስለዚ፡ ከይደገምኩም ነተን ውጽኢት ስርሕወን።

| | | | |
|---|---|---|---|
| 7 | 3 | 2 | 1 |
| 6 | 5 | 4 | 0 |

ብምድማር

□ + □ = 5

□ + □ = 4

ብምጉዳል

□ - □ = 3

□ - □ = 4

ኣብዚኣ ቁረጽዋ

| | |
|---|---|
| ስም፡ | ______________ |
| ቤት ትምህርቲ፡ ______________ | ክፍሊ፡ ______________ |
| ኣድራሻ፡ ______________ | ዞባ፡ ______________ |
| ሞባይል፡ ______________ | ወይ ______________ |

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርመማ'፡ 'ውድድር ተርመማ' ንዓሰራይ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ መበል ዓሰርተ ሓደ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተማሃሮ ክሳተፍ ንዕድም። ዕስራ ዕዉታት ተመሃሮ ክሸለሙ ምኳኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዘበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጶስታ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጶ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 10-08-2024 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!!

### ሀ. ሕቶታት ፊልም ሃገርና

1. ፊልም 'ባሩድ 77' ብመን ተደረሳ?
   መልሲ፡ ______________
2. ፊልም 'ንእሸቶ ሓወይ ክንዲ ሓሙተይ' ብመን ተኣልያ?
   መልሲ፡ ______________
3. ኣብ ኤሪ ቲቪ ክሳብ ሕጂ ዝለዓለ ክፋላት ዝተራእየት ተኸታታሊት ፊልም እንታይ ዝብል ኣርእስቲ ኣለዋ?
   መልሲ፡ ______________
4. ኣብ ሃገርና ቀዳመይቲ ተኸታታሊት ፊልም መ እያ?
   መልሲ፡ ______________
5. ኣብ ፊልም 'እታ ኣደ' እትብል ዘላ ቀንዲ ገጸ ባህሪ መን ትበሃል ስማን ስም ኣቦኣን ጽሓፉ?
   መልሲ፡ ______________

### ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ

1. ንደግያት ባህታ ሓጎስ ምስ ሞቱ ንኽይቕበሩ መንግስቲ ጣልያን ኣዘዙ። ነዚ መምርሒ ትሒሶም ዝቐበርዎ መን ይበሃሉ?
   መልሲ፡ ______________
2. ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን መዓስ ተሰዊኦም?
   መልሲ፡ ______________
3. ብኤርትራ ክልተ ግዜ ዝተማረኸ ፓይሎት ኢትዮጵያ መን ይበሃል?
   መልሲ፡ ______________
4. ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲና ብጸላም ሰንበት ዝፍለጥ ጃምላዊ ቅትለት እተፈጸመላ ከተማ መን ትበሃል?
   መልሲ፡______________
5. ህዝባዊ ሓይልታት መዓስን ኣበይን ተመስሪታ?
   መልሲ፡ ______________

### ሐ. ቁጽርታት ምልኡ፧

እዛ ተዋሂባ ዘላ ሰንጠረዥ ድምር ናይ ትኹልን ጋድምን ተዋሂቡ ኣሎ። ስለዚ፡ ካብ ቁጽሪ 0 ክሳብ 9 ብዘለዉ ቁጽርታት ነዛ ሰንጠረዥ ምልእዋ። ቁጽሪ ምድጋም ኣይፍቀድን። መበገሲ ዝኾናኹም ክልተ ቁጽርታት ተዋሂበን ኣለዋ። ሰናይ ስራሕ!!

| 10 | 15 | 20 | |
|---|---|---|---|
| 3 | | | 20 |
| | | 7 | 15 |
| | | | 10 |

### መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. ቅድድር ብሽግለታ ቱር ዲ ፍራንስ መዓስ ዓመተ ምህረት ተጀሚሩ?
   መልሲ፡ ______________
2. ከም ኣህጉራዊ ተቓላሳይ ዝፍለጥ ውሩይ ወዲ ላቲን ኣመሪካ መን ይበሃል?
   መልሲ፡ ______________
3. ሰልማት ኖቤል ካብ መዓስ ዓመተ ምህረት ክዕደል ጀሚሩ?
   መልሲ፡ ______________
4. ቀዳማይ ጸወታ ዋንጫ ኩዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮ መዓስ ተኻይዱ? ኣበየነይቲ ሃገር?
   መልሲ፡ ______________
5. ካብ ናይ ኢድናን ናይ እግርናን ጽፍሪ ኣየናይ ቀልጢፉ ይበቁል?
   መልሲ፡ ______________

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ዘመኑ ግርምቢጥ
## ደቅና ካባና ዝኣዕሊ ኣብ ዝፈልጥሉ እዋን

ወለድና “ቈልዓ ምዕባይ ቀደም’ዩ ጥዑም ነይሩ” ክብሉ ክለዉ፡ ቀደም ኩሉ ነገር ሕሱር ስለዝነበረ ጥራይ ይመስለኒ ነይሩ። ቈልዓ ምዕባይ ብተፈጥሮኡ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክም ይኹን እምበር፡ ቀደም ቈልዓ ንምዕባይ ዝግበር ዝነበረ ንጥፈታት፡ ምስ ምሉእ ሕብረተሰብ ተሓጋጊዝካ ይካየድ ስለዝነበረ፡ ነቲ ክብደት ኣብ ምቅላል ዓቢ ተራ ነይርዎ። ወለዲ ‘ደቀይ እንታይ ክበልዑ እዮም?’ ‘እንታይ ክኸደኑ እዮም?’ ‘ብስራሕ ኣብ ዝድንጉየሉ ደቀይ መን ኣብ ገዛ ክቕበሎም እዩ?’ ‘ኣዕሩኽ መሓዙቶም ከመይ ዝበሉ ይኾኑ?’ ‘ኣብ ዘየለኹሉ ሕማቕ ነገር ይገብሩ ዶ ይኾኑ?’ ንዝብል ሕቶታት መልሲ ይረኽብሉ ነይሮም። ጎረባብቲ ልዕሊ ዘመድ መቕርብ፡ ቈልዓ ኣብ ምትዕባይ ልዑል እጃም ነይርዎም። ሕጂ ግን እዚ ክብርታት ኣሎ ክንብል ኣይንደፍርን። እቲ ዘሰክፍ ክፋሉ ኸኣ፡ ወለዲ፡ ቈልዓ ኣብ ምዕባይ ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ናይ ጎረቤት፡ ኣከባብን መምህራንን ሓገዝ የድልዮም ምህላዉ እዩ። ቈልዑ፡ ኣብዚ ብዝተፈላለዩ ጸለውቲ ኣካላት (ካብ ሰብ ወጻኢ) ተጨውዮም ኣብ ዝዓብዩሉ ዘለዉ እዋን’ዚ፡ ካብ ጥፍኣት ንምድሓኖም፡ ወለዲ ጥራይ ዝኽእልዎ ዕማም ኣይኮነን። ቈልዓ ንምዕባይ ዝግበር ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ ሰብን ሰብ ዝሰርሖም መሳሪሕታትን ስርሓትን ኮይኖም ይርከቡ። እዚ ሕጂ ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ዘጋጥም ዘሎ ብድሆታት፡ ኩሉ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣውፊርካ’ውን እንተ ተኻኢሉ እዩ።

ወለዲ ናይ ደቆም ቀዳሞት ጀጋኑ እዮም። ኩሉ ቈልዓ ‘ወለዲ ፍጹማት እዮም’ ብዝብል እምነት፡ ንወለዱ ክመስል ዘይደሊ የለን። ወለዲ ብዓይኒ ቈልዑ ደቆም ኩሉ ዝፈልጡ፡ ኩሉ ጸጋታት ዘለዎም፡ ዝደለይዎ ክዉን ክገብሩ ዝኽእሉን ሓያላትን እዮም። ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ፡ ቈልዑ ንወለዶም ከም ዘኣምኑን ዘኽብሩን ይገብር። ትጽቢቶም ምስ ዝማላኣሎም ከኣ ካብ ምኽባር ሓሊፎም ወለዶም ከም ዘፍቅሩ ይገብር። ትጽቢት ክንብል ከለና፡ ቈልዑ ዝጠልብዎ ነገራዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልእ ዕሙቕ ዝበለ ትርጉም ዘለዎ ረቛሒታት ይርከቦ። እኳ ደኣ ካብቲ ነገራዊ፡ እቲ ስነ-ልቦናውን ፍልጠታውን ብቕዓት ወለዲ፡ ብደቆም ዝያዳ ኣድህቦን ክብርን ይረክብ። ወለዶም ብዘለዎም ሞያ ኣብ ከባቢኦም ክብሪ ምስ ዝህልዎም፡ ልዕሊ እቶም ብኻልእ መዳይ ሃብታማት ዝወለዶም ቈልዑ፡ ዝያዳ ነብሰ-ክብሪ ይሰምዖም። መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ‘ሓገዝ ወለደ ኣለኒ’ ኢሉ ዝኣምን ቈልዓ፡ ሓድሽ ነገር ናይ ምፍታሽን ምፍጣርን ፈተነታት ክካይድ ልዑል ተበገሶ የርኢ። እዚ እምነት፡ ዋላ ብቓላት ኣይሰነ፡ ኣብ ምርጫታት እኹላት ሰባት ንረኽቦ ኢና። ብልምዲ፡ ‘ጓል ንሓዳር እተምርጽ ወዲ ንኣቦኣ ዝመስል፡ ወዲ ኸኣ ንኣደኡ ትመስል እዩ ዝመርጽ’ ይበሃል። ዋላ ብመልክዕ ይኹን ባህሪ፡ ልክዕ ንወለዶም ዝመስል እንተ ዘይተመርዓዉ፡ እንተወሓደ ናይ ወለዶም ሓዳር ዝመስል ክህልዎም ይመርጹ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ ‘ወላዲ ኣይክሰስ፡ ሰማይ ኣይሕረስ’ ዝብል ምስላ ኣሎ። ንወለድና ነኽብሮም፡ ኣብ ከምኡ ዝእዝዝ ባህልን እምነት ዘለዎ ሕብረተሰብ ስለዘለና ጥራይ ድዩ? ወለድኻ ምኽባር፡ ባህልን እምነትን ሕብረተሰብና እንተ ዘይከውን ወለድና መኽበርናዮም ዶ?

ወላዲ ምዃን፡ ከም ስራሕ ምቑጻር፡ ብቕዓትካ ዝምስክር ዝርዝር ተመኩሮ (ሲቪ) ኣእቲኻ፡ ድሕሪኡ ቃል-መጠየቕን ካልእ መርመራን ብምክያድ ዝኸውን ኣይኮነን። እዚ ማለት ግን ብቕዓት ዘይሓትት ሞያ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ብርክት ዝበለ ምስ ዕዉታት ደቂ ኣንስትዮ ዘካየድክዎ ቃል-መጠየቓት፡ ኣደነት ከም ሞያ ከቕርብኦ ምስ ሰማዕኩ ዘድነቕክዎ ኣገላልጻ ስለዝኾነ እዩ፡ ወላዲ ምዃን ብዛይካ እቲ ተፈጥሮዊ ክፋሉ፡ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝሓትት ሞያ ምዃኑ ዝኣመንኩ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ ወለድና እነኽብር፡ ባህላውን እምነታውን ግዴታ ሓደ ረቛሒ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ መሰረታዊ ረቛሒ ኸኣ ንዓና ኣብ ምዕባይ ኣዝዩ ዘኽብር ስራሕ ስለዝሰርሑ እዩ። ወላዲ ምዃን፡ ተፈጥሮዊ ትዕድልቲ ጥራይ እንተ ዝኸውን ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ኣተኣላልያን ኣረኣእያን ኣይምሃለዎምን እብል። ስለዚ፡ ብቑዕ ወላዲ ምዃን ኪንዮ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ፡ ውጽኢት ባህሪ፡ ጥበብን ባህልን እዩ። እዚ ካብ ኮነ፡ ኣብዚ እዋን ዘለና ወለዲ ከመይ ዝበልና ኢና? ኣብዚ ግዜ’ዚ ወለዲ ናይ ደቆም ጀጋኑ ድዮም? ደቅና ካባና ዝጽበይዎ ስነ-ልቦናውን ፍልጠታውን ብቕዓት ኣለና ድዩ? ደቅና ኣብ ብቕዓትና ክውከሉ ይኽእሉ ዶ? ኣብዚ ግዜ’ዚ ቈልዑ ኣብ ወለዶም ዘለዎም ክብሪ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ፡ እናጉደለ ይመጽእ ከም ዘሎ ርእይቶ ብዙሓት ኣካላት እዩ። ባህልን እምነትን ሕብረተሰብና ኸኣ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ክብሪ ወለዲ ዘለዎ መግለጺ ኣይተቐየረን። ናይ ሎሚ ቈልዑ ኣብ ወለዶም ዘለዎም ኣረኣእያ እንታይ ኮይኑ ደኣ እናተቐየረ ይኸይድ ኣሎ? ዝያዳ ቅድም፡ ሕጂ ዘለዉ ወለዲ ደቆም ከዕብዩ ዘይተኣደነ ጻዕርን መስዋእትን እናኸፈሉ፡ ስለምንታይ እቲ ዝግብኦም ክብሪ ኣይረኽቡን ዘለዉ ኢልና ንሓስብ?



እቲ ጠንቂ ብዙሕ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ኸኣ ኣብ ደቅና ዝረአ ለውጥን ኣሉታዊ ሳዕቤኑን ኢና ነተኩር። ብወገን ወለዲ ዝርአ ሕጽረታት የለን ክንብል ኣይንኽእልን፣ እንተኾነ ከምቲ ዝድለ ኣይንዛረበሉን ኢና ዝብል ርእይቶ ኣለኒ። ስለዚ፡ እቲ ብወገን ደቅና ዝርአ ድኻማት ብዙሕ ግዜ ስለዝተዘርበሉ ንሎሚ ናይ ወለዲ ጥራይ ክንዛረበሉ።

ቈልዑ ዝበዝሐ ክፋል ህይወቶም ካብ ወለዶም እዮም ዝመሃሩ። ምስ ጉበዙ ዋላ ምስ መሓዙቶም ዝበዝሐ ግዜ ከሕልፉ ናጻ ክስደዱ ዝደልዩ ይምስሉና፣ ንወለዶም ምጥማት ግን ኣይሓድግዎን እዮም። ስለዚ ወለዲ መወከሲ ናይ ደቆም እዮም ንብል ኣለና ማለት እዩ። ወለዲ መወከሲ ወይ መመህራን ናይ ደቆም እንተ ኾይኖም፡ ብዛዕባ ዘሎ ኩሉ ኩነታት ኣፍልጦ ክህልዎም ትጽቢት ይግበረሎም። ቈልዑ ናብ ገዛ መጺኦም ንወለዶም መልሲ ዝሰኣንሉ ሕቶታት ንወለዶም ምስ ዝሓቱ፡ ወለዲ ናይዚ ኹሉ መልሲ ኣለዎም ዶ? ምናልባት ናይ ኩሉ ሕቶታት መልሲ ክህልዎም ኣይክእልን እዩ እንተ ኢልና፡ ንመን ክሓቱ ይኽእሉ ኸ ምርጫታት ይህብዎም ዶ? እዛ ንእሽተይ ትመስል ግን ኣዝያ ዓባይ ትጽቢት ቈልዓ እያ። ወለዲ ንደቆም ሕቶታቶም ክምልሱ ወይ ንመን ክውከሱ ይኽእሉ ዘይፈልጡ እንተ ጸኒሖም፡ ደቆም ‘ወለድና ኣይፈልጡን እዮም ማለት እዩ፡’ ብዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ልዕሊ ወለዶም እምነት ክጐድሉ ይኽእሉ። እዚ ኸኣ ወለዲ ንዝህብዎ ምኽርን ማዕዳን ናብ ዘይምቕባል ከምርሕ ይኽእል። ኣብ ብርክት ዝበሉ ናይ ስነ-ምግባር ጸገማት ዘርኣዩ ቈልዑ ዝገብሮ ናይ ምኽርን ማዕዳን ንጥፈታት፡ ሰድራ ናይ ዘይምኽባር ቀንዲ ጠንቂ፡ ወለዲ ካብ ትጽቢት ደቆም ንታሕቲ ስለዝጸንሑ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ ኩሉ ወላዲ ደቁ ከዕቢ ንግሆ ምስ ተንሰአ ከየዕረፈ ጻሓይ ከም ትዓርቦ መስካሪ ዘየድልዮ እዩ። እንተኾነ ዘመኑ ዝሓቶ ናይ ብቕዓት መዐቀኒ ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ኣርባዓታት ብቑዕ ወላዲ ክትከውን ድራር እለት ምውሓስ፡ ሚዛናዊ ደረጃ ወይ ካብኡ ንላዕሊ የውህብ ነይሩ ይኸውን። ቀደም ዝነበሩ ወለዲ፡ ዋላ ትምህርቲ ኣይቐጸሩ፡ ብውሑዱ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ሓንጐል ደቆም ኣብ ምስራጽ ልዑል ብቕዓት ነይርዎ እዩ። ስለዚ ቀደም ዝነበሩ ወለዲ፡ ዝበዝሐ ነገራዊ ቀረባትን ስነ-ልቦናዊ ሓገዛትን ብምሃብ፡ ናይ ግዜኦም ‘ብቑዓት ወለዲ’ ኮይኖም ሓሊፎም። ሕጂ ቈልዑ ብተክኖሎጅን ሓበሬታን ተኸቢቦምሉ ኣብ ዘለዉ እዋን ግን ብዛዕባ ተክኖሎጂን ሓበሬታን ዘይምፍላጥ፡ ‘ብቑዕ ወላዲ’ ዝብል ሰርቲፊኬት ዝኸልእ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ኣተኣላልያ ቈልዑ ካብ ንረኽቦ ድኽመታት ሓደ፡ ወለዲ ነቲ ነገራዊ ቀረባት ኣብ ምውዳድ ተጸሚዶም እንከለዉ፡ ደቆም ከኣ ካብ ነገራዊ ቀረባት ስነ-ኣእምሮኣውን ሞያውን ኣልያ ዝያዳ የናድዩ ምህላዎም እዩ። ናይ ሕጂ ቈልዑ ንስድርኦም ዝሓትዎ ሕቶታት ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል፣ ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ወለዲ ንደቆም ዝሓቱሉ ግዜ ይበዝሕ። ሞባይል፡ ተለቭዥን፡ ብኻልእ ቋንቋ ዝተጻሕፉ መምርሒታትን ካልእን ካብ ብወለዲ ብደቆም ዝእለ ይበዝሕ። ደቅና ካባና ንላዕሊ ክፈልጡን ካባና ዝሓሸ ህይወት ክመርሑን እቲ እንምነዮ እዩ። ግዳ ወለዲ’ውን ምስኦም ወይ ካብኦም ንላዕሊ ክንዓብን ክንፈልጥን ይግባኣና ምዃኑ ምዝካር የድሊ። ብዛዕባ ዘለዎም ፍልጠትን ሓበሬታን ዘይንፈልጥ እንተ ኾንና፡ ክንርድኦምን ከነማሓድሮም ኣይንኽእልን ኢና። ምስ ምውሳኽ ደረጃታት ትምህርቲ ቈልዑ፡ ወለድን ደቆምን ናይ ዕላል ግዜኦም እናጐደለ እዩ ዝኸይድ ዝብል ጽሑፍ ኣንቢበ ነይረ። ሓደ ካብቲ ጠንቂ ኸኣ ወለዲ ናይ ደቆም ኲነታት ክርድኡ ሰለዘይክእሉ፡ ደቆም ከዕልልዎም ክፉታት ክኾኑ ፍቓደኛታት ካብ ዘይምኳኖም እዩ።

ወለዲ ምስ ምዕባለ ደቆም ክስጉሙ ዘይኽልሉ ምኽንያት ንምርድኡ ብርግጽ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። ማሕበረ-ቍጠባዊ ኩነታት፡ ኣይኮነን ንውላድ ዘለዎ ንውልቂ’ውን በዳሂ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ብሉጻት ውሉዳት ንምዕባይ፡ እቲ እንኮ መገዲ ብፍልጠትን ሓበሬታን ካብ ኮነ ግን ኣብቲ ሓዲድ ተጸንቢርካ ብኸመይ ልቦና ዘለዎም ጥዑያንትን ብሱላትን መንእሰያት ነዕቢ ምምሃር ኣድላዪ እዩ። ኣብ ኤርትራ፡ በቲ ኣብ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት፡ ወለዲ ፍልጠትን ሓበሬታን ክህልዎምን ብቑዕ ኣተኣላልያ ቈልዑን ከማዕብሉ ከቢድ ኣይመስለንን። ኣብዚ ግዜ’ዚ ዘለዉ ወለዲ፡ ትሕቲ ሓምሳ ብፍላይ፡ ንደቆም ብኹሉ ሸነኻት፤ ብኣካድምያዊ፡ ስነ-ልቦናዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበረ-ቍጠባውን ተክኖሎጂኣውን መዳያት ከማእዝንዎም ብዝኽእልሉ ኣገባብ እዮም ዓብዮም ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ፡ ኣብ ግዜ ናጽነትን ድሕሪኡን ዝተወለደ፡ እኹል ናይ ትምህርቲ ዕድላት ረኺቡ እዩ። እዚ እኹል ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺቡ፡ ብውሕዱ መሃይምነት ዘጥፈአ ወላዲ፡ ንደቁ ኣብ ትምህርቲ ብግቡእ ይሕግዝ ዶ? ክንደይ ኣደታት ሞባይለን ብዘይ ምፍላጠን ንደቀን ካብ ትምህርቲ ክሳብ ዝምለሱ ይጽበያ? ክንደይ ኣቦታት ናብ ቤት ትምህርቲ፡ መምህር ከይጸውዖም ወርሓዊ ብተበግሶኦም ይኸዱ? ኩሉ ወላዲ ነናቱ መልሲ ክህልዎ እዩ። እቲ ኣብዚ ክለዓል ዝደልዮ ግን፡ ንፍልጠት፡ ሓበሬታን ተመኩሮን ወለዲ፡ ደቆም ክኣምኑሎምን ክውከስዎምን እንተ ዘይክኢሎም፡ ኣረኣእያኦም ክቕየር ከም ዝኽእል ምፍላጥ ኣገዳሲ’ዩ። ደቅና መዓንጣና ክሳብ ንወጽእ ይሓቱና እንተ ሃልዮም፡ ካብ እምነትን ክብረትን ዝተበገሰ ምኳኑ ፈሊጥና ትጽቢታቶም ነማልእ። ወለዲ ደቆም ከኽብርዎምን ከፍቅርዎምን፡ ኪንዮ ባህልን እምነትን፡ ወትሩ ነብሶም እናኣማዕበሉ ደቆም ዘውከሉሎምን ዝኹርዑሎምን ክኾኑ ከም ዘለዎም ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።



# ስነ-ቁጠባ

## ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

ኣህጉራዊ ቀነጠባውን ፖለቲካውን ሃዋህው፡ ዕድላት ምዕባር ቀጺሉ፡ ምብቃዕ

ነማርያም ዮሃንስ
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

4ይ ክፋል

*"ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ" (Re-inventing Africa's Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዳኢ. ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ 2019 ዝተሓትመት እያ። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡ ሓደጊ መግዛእቲን ዝቐጸለ ዘሎ ሕሰም ኣፍሪቃን፣ መሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረኽበ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንዳይ ዝጠፍኡ መሳግላት ልምዓትን ትምህርቲን፣ ተመኩሮ ልምዓት ኮርያ ዝበሉ፣ ኣርእስተ ሓሳባት ዝሓዘት እያ። ጸሓፊ፡ ዲፕሎማት ኮይኑ ልዕሊ 30 ዓመታት ዝተዓዘቦ ናይ ኣፍሪቃ ተመኩሮ ምስ ናይ ሃገሩ ተመኩሮ ልምዓት ብምንጽጻር ዝጸሓፋ እያ።*

***

ምብቃዕ ዝሑል ኲናት ኣብ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ብበዙሓት ኣገደስቲ ለውጥታት እዩ ተሰኒዩ። ምብራቓዊ ደንበ ምስ ፈረሰ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራት ንረድኤት ብመንጽር ናይ ወጻኢ ፖሊሲአን ኣሰፊሐንኦ። ንኣዕሩኽተን ዘይኮና ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ምትእስሳርን ኣዕቢየንኦ። ብሰንኪ ምብቃዕ ዝሑል ኲናት ድማ፡ እተን ቅድም ኣመሪካ ብዙሕ ትሕግዘን ዝነበራ ሃገራት ስትራተጂያዊ ክብሪ ስኢነን፣ ዝወሃበን ዝነበረ መጠን ረዲኤት ብቕልጡፍ ኣንቆልቂሉ። እቲ ዝጸንዐ ኣቓልቦ ናብ ምሕጋዝ ናብተን ኣብ መስርሕ ፖለቲካዊ ምስግጋር ዝነበራ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ኮይኑ። ናብተን ኣብ ምምዕባል ናብ ዝነበራ ሃገራትን ኣብቲ ዐቕድ ናጻ ዝኾና ሓደስቲ ሃገራትን ዝቐንዐ ብዝዕባ ደሞክራሲን ፖለቲካዊ ምስግጋርን ምሕደራን ብዙሕ ጨለ ዘረባ ክሰማዕ ጀመረ።

ምስልካይ ለገስቲ ኣብ ዝጸበዩሉ ጠቕላላ መጠን ሓገዝ ብርኢዩ ከንቆልቁል ከሎ ጠለብ ፖለቲካዊ ለውጢ ግን ዓብዩ፡ ረድኤት ለገስቲ ድማ ኣብ ጸጋት ዘዘተረ መደብ ሓገዝ፡ ምህናጽ ዓቕሚ፡ ዘተ ኣብ ፖሊሲ፡ መረጋጋ ሓገዝ ምዃብ...

ወዘተ ንዝኾብል ምርኩስ ዝነበረ ኮይኑ፡ ኩሉ'ዚ ኣገባብ'ዚ፡ ብውሑድ መጠን ረዲኤት፡ ዝለዓለ ጥቕወና ረድኤት ንምርካብ ዝዓለመ ነበረ። ይኹን'ምበር ናይ ልምዓት ማሕበረሰብ በቲ ገስጋስ ዘይዕቢ ኩነታት ብፍላይ ድማ ኣብ ትሕተ-ሳህራ ኣፍሪቃ ሰንብደኦም ቀጺሉ። ቅልውላ ምሕደራ ኣፍሪቃ ከኣ ብቐጻሊ መዛተዪ ኮይኑ።

ኣብ 2000 ዓ.ም ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሸሞንተ ዓውድታት ዝቐንዐ ሸቶታት ልምዓት ሚለንዩም ኣጽዲቑ– (1) ሕሰም ድኽነትን ጥምየትን ካብ ሱሩ ምብርቓቕ፣ (2) ኣድማሳዊ መባእታዊ ትምህርቲ ምርግጋጽ፣ (3) ምዕሩይነት ጾታን ምሕያል ደቀንስትዮን ምትብባዕ፣ (4) ሞት ህጻናት ምንካይ (5) ጥዕና ኣደ ምምሕያሽ፣ (6) ኣንጻር ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ፡ ዓሶን ካልኦት ሕማማትን ምቅላስ፣ (7) ምርግጋጽ ከባቢያዊ ዘላቕነት፣ (8) ምዕዛዝ ዓለማዊ ሽርክነት ንልምዓት ዝብሉ እዮም - ሸቶታት ልምዓት ሚለንዩም። ኣፍሲ-ወከፎም ድማ ንጹራት ሸቶታት ናይ ምውቃዕ መቓን ግዜ ነይሮም።

ኣብ 1999 ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ባንክ ዓለምን ድኽነት ንምጉዳል ዝሕግዝ ሰነድ ስትራተጂ (ፒ.ኣር.ኤስ.ፒ. - PRSP) ኣጠሪዮም። እዚ ሰፊሕ ዝሰረቱ ድኽነት ናይ ምጉዳል ስትራተጂ ዝጠዙላ ሃገራት ኣፍሪቃ ብክልተኣውን ብብዙሓውን ምንጪታት ግዳማዊ ሓገዝ ዝረኽባሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ቀንዲ መወከሲ ኮይኑ ኣገልጊሉ። እቲ ዘመን ሕቖኡ ኣብ ዝዓበለ፡ ኣብ ርእሲ ሸቶታት ልምዓት ሚለንዩምን (ኤም.ዲ.ጂ) ስትራተጂ ሰነድ ምጉዳል ድኽነትን፡ ኣብ 2001 ሕብረት ኣፍሪቃ ቀጠባዊ ዕብየት ንምድራኽ ሓደሽ ሽርክነት ንልምዓት ኣፍሪቃ (ኔፓድ) ዝተሰምየ ሰነድ ኣጽዲቑ። ሸቶ ናይዚ ሓደሽ ሽርክነት ከኣ ድኽነት ምምሓው፡ ዘላቒ ዕብየትን ልምዓትን ምድንፋዕ፡ ንኣፍሪቃ ምስ ዓለማዊ ቀጠባ ምውህሃድን ምሕያል ተሳትፎ ደቀንስትዮን ነበረ። እዚ ሓደሽ ሽርክነት'ዚ፡ ናይ ኣፍሪቃ ባዕላዊ ተበግሶ፡ ውጥን ኣፍሪቃ፡ ኣፍሪቃ ዝሃንደሶቶ ስለዚ ድማ ብኣፍሪቃ ዝውነን'ዩ እናተባህለ ተዋጥዩሉ።

ኔፓድ ኣብዘን ዝሓለፈ ናይ መውዳእታ ኣርባዕተ ዐቕድ ኣብ ፖሊሲ ልምዓት ኣፍሪቃ ኣገዳሲ ገስጋስ ከምዝገበረ'ዩ ዝዝረበሉ። ብዙይ ጥርጥር ኣንቀጾ ናይቲ መደብ ንኣፍሪቃ ካብቲ ዝበረቶ ሽታሕታሕ ንምድሓን ናይ መውዳእታ ተስፋ ተገይሩ ዝነበረ እዩ። እንተኾነ ሽውዓተ ዓመት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ሓደ ካብ ኣጠንስትን ደገፍትን ዝነበረ ፕረዚደንት ሰኔጋል ዓብዱላዩ ዋደ፡ ኔፓድ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላራት ኣጥፊኡ ከብቕዕ ዝኾነ ወጽኢት ዘይተረኽቦ መደብ ክብል ከሰሰ። ድሕሪ'ዚ ኑቲ ዝወሃብ ረድኤት ኣድማዒ ንምግባሩ ብዙብል ሓሳብ ላዕለዋይ ደረጃ መጋባእያ ኣብ ሮማ፡ ኣክራ፡ ፓሪስን ቡሳንን ብተኸታታሊ ተኻየደ። ብፍላይ እቲ ናይ ቡሳን (ደቡብ ኮርያ) ኣኼባ 3000 ተጋባእቲ ዝነበርዎን ኣብ ኣቕርቦት ሓገዝ ዝመጸ ገስጋስ ንምምዝጓምን ንመጻኢ ናይ ሓባር ውጥን ንምንዳፍን ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ ድሕሪ-2015 ናይ ልምዓት ኣጀንዳ ኣብ ምንዳፍ ተጸሚዱ ነበረ። ኣብ መውዳእታ ድሕሪ ብዙሕ ዓለማዊ ዘተን ሰፊሕ ምምኽኻርን እቲ ኣጀንዳ ኣብ መስከረም 2015 ኣብ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ንልምዓት ተኣዊጁ።


እዚ ኩሉ ጻዕርታት እኳ እንተተገብረ እቲ ኣብ መጀመርታ 1990ታት ብምልኣት ዝጀመረ ዓውለማ ንኣፍሪቃ ካብ ድሕረት ዘድሕና ኮይኑ ኣይተረኽበን። ኣፍሪቃ ኣብቲ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ "መዋጥር ዓውለማን-ኢንዱስትርያውነትን" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሳልሳይ መንቀራቕሮ ተቐርቂረት። ቀጠባዊ ለውጢ ንምምጻእ መጀመርያ ሃገራት ቀጠባዊ ዕብየት ከምጽእ ዝኽእል መሰረት ክሃንጻን ከሐይላን እዩ ዘለወን። ድሕሪኡ ብቐንዱ ኣብ ሕርሻዊ ጽላት ዝሰረተ ናይ ሰንዓ ኢንዱስትሪ ኣብ ምህናጽ ክሰርሓ የድልየን።


እቲ ክፉትነት ወፍርን ንግድን (Trade and Investment liberalization)፡ ባብ ናጻ ዕዳጋ ምርሓው፡ ዓለማዊ ውድድር. . . ወዘተ ዝጠልብ ዓውለማ ኣብ ሕልሚ ኣፍሪቃ ብሓቂ ከቢድ ዕንቅፋት ኮይኑ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋህው ናይ ዓውለማ ቁጠባዊ ዕብየትን ለውጢን ምምጻእ ኣዝዩ በዳሂ እዩ። ብርግጽ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ ዘሎ ንቕሓት እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ይኹን'ምበር ዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕን ንምምሳሽን እንታይ ጭብጣዊ ስጉምታት ክውሰዱ ይኽእሉ ንዝብል ሕቶ ንጹራት ሓሳባትን መልስን ዘለዎ ኣይመስልን። ግራፍ 1. ከም ዘርኦ ምስዚ ኩሉ ንልምዓት ኣፍሪቃ ዝተወስደ ተበግሶታት ጸገም ኣፍሪቃ ገና ይቕጽል ምህላዉ ክንዕምልከት ንኽእል። ጋግ ደረጃ ገምጋም ዓመታዊ መጠን ኣታዊ ሓደ ሰብ ኣብ መንጎ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃን ዓለምን ይዓቢ እዩዩ ዘሎ (ግራፍ ብዝተርጎሚ ዝቐረበ'ዩ - ምንጪ. ዓለማዊ ባንክ)።

ኣብ ግዜ መግዛእቲ፡ ኣፍሪቃ ንኹሉ ምዝመዛ ተቓሊዓ እያ። ምስ ምዝራዛር መግዛእቲን ምርግጋጽ ናጽነትን ድማ መንግስታት ኣፍሪቃ መጻኢአን ክቐርጻ ዕድል እኳ እንተነበረን ኣይተዓወታን። በቲ ሕዱር ሕጽረታት ብፍላይ ድማ ሓቀኛ ሃገራውነት ንድሕረት ተጋቲተን። ምስቲ ዝነበረ ምቹእ ኣህጉራዊ መድረኽ፡ ኣፍሪቃ ቀጠባዊ ብልጽግና ክትጎናጸፍ ዕድል ነይሩዋ እዩ። እንተኾነ ሕማም ጽግዕተኛነት፡ ንድሕረት ምምላስ ኣኸቲሉ ኑቲ ተረኺቡ ዝነበረ ዓወት ኣማሊሱዎ።

ኣፍሪቃ፡ ምስቲ ዝቀያየር ዝነበረ ዝሑል ኲናት ናብ ዘመነ ዓውለማ ኣምሪሑ። እንተኾነ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢንዱስትርያውነትን ቀጠባዊ ውድድርን ክሰገማ ኣይከኣላን። ድልውነተን ብመንጽር ምህናጽ ሃገርን ኩነት ኣእምሮ ልምዓትን ርሒቑ ካብቲ ትጽቢት እዩ ዝነበረ። ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚአ ከኣ ብዙሓት ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ሓንጸጽቲ ፖሊሲ ንባህሪ'ቲ ጸገም ብምልኣት ክጭብጥዎ ኣይከኣሉን። እቲ ሕቶ መዓስ'ዩን ሃገራት ኣፍሪቃ ነዚ ዓንኬል መዋጥር'ዚ ክሰብርኦ? ዝብል እዩ።

ይቕጽል . . .




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 06:05 | ኤሮብክስ |
| 09:00 | ሃለው ቀልዑ |
| 09:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሰሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:35 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | ረብየት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዑቕባገርግሽ የማን ዘርኣይ ምባል ተሪፉ፡ ኤሽን የማን ዘርኣይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ለምለም ኣብርሃም፡ ተኸሳሲ ኣብርሃም መሓሪ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

መርሃዊት ነጋሲ ምባል ተሪፉ፡ ሳምራዊት ነጋሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸሰስቲ ወ/ሮ እሙኡ ሓጎስን ወ/ሮ ኣለም ሓጎስን ብኣመልካቲት ወ/ሮ ንግስቲ ሓጎስ በርሀ ናይ ገዝአ ምስግጋር ክሲ ተመስሪቱልክን ስለዘሎ፡ 3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዛህራ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ካብ ወረስቲ ሓንቲ ዝኾነት፡ ሓሞትየ ኣልማርሑማ መርየም መሓመድኑር ዝበደፈቶም ወረስቲ ከኣ 1.መሳ ኣሕመድ 2.መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ 3.ኢብራሂም ኣሕመድ 4.ረቅያ ኣሕመድ ዝኾኑ ናቶም ወረስቲ ኢና ወይ እቲ ንብረት ይምልከተና ዝብል እንተሎ፡ ን30/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ርሻን ሚካኤል ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ብርሃ ገብረኪዳን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ካሕሳይ ተኽሉ ስም ወደይ ጠዓመ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሓዋ ሳልሕ ዓሊ፡ ወደይ እስማዒል መሓመድ ዓብደላ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ብዓልቲ ቤቱን ጥራይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቐሺ ክብሮም መብራህቱ ቀንደማሽ ተላ ምባል ተሪፉ፡ ቐሺ ክብሮም መብራህቱየም ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ጅምዓ ያሲን ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ጀሚላ ያሲን ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ምዓበይ ገብረሂወት ደሞዝ፡ ተኸሳሲ ነጋሲ ወልኪዳን ማዘንግዕ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ግርማይ ሓይሉ ሓጎስ፡ ወለደይ ሓይሉ ሓጎስ ዑቕባዝጊ ዓፀዩ ኣብርሃት ዘሎ ሃብትኣብን ስለዝሞረቱ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሊና ዓንደማርያም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ናዝሬት ዓንደማርያም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሳባ ወልደሰላሴ ንጉሰ፡ ኣቦይ ወልደሰላሴ ንጉሰ ገብረመድህንን ኣደይ መብራት ገብረኪዳን ተስፉን ስለዝሞረቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሙሉኣለም ፍትዊ ጋይም፡ ዓፀዩ ያየሽ ወልዱ ጭሮም ስለዝሞረቱት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረሰት ፍ/ሂ/ር ገዛኡን ገብረማርያም ተሰፉ ተተኪእቲ ጓል ሙሉኣለም ፍትዊ ጋይም ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሽሻይ ደስታ፡ ኣቦይ ቀሺ ደስታ መለስ ተከኤን ኣደይ ተኽኣ ገብረኪዳን ተስፉን ስለዝሞረቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ጥኡና ብጹእምላኽ ኣስገዶ፡ ተጸዋዒ ሓበን ኃይትኦም በለይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣርሴማ ሚካኤል መለስ ምባል ተሪፉ፡ ሰገን ሚካኤል መለስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰልዋ ናስር ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ኣሚና መሓመድ ናስር ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፋጥና ዓብደላ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ዑመር ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት ዓንደሃይማኖት ድጉ፡ ኣደይ ብስራት ካሕሳይ ስለዝሞረቱት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ጴጥሮስ ተስፋጼን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ስምኦን ፍቓዱ፡ ብኣቶ ዐሰማን እድሪስ መሓመድ እናተመርሐት፡ ተኸሳሲ ቁ.ታርጋ ER-1C-1390 እናመርሐ ኣብ ን/ዞ/ሃይካታ ከባቢ ፈረንታዮ እናተጓዓዙ ከለዉ ብዚ ኢጋጣሚ፡ በዚ መሰረት ድማ ኣብ ልዕሊ መኪና 32.000 ናቕፋ ፅንወት ኣውሪዱለይ ዝብል ክሲ ስለዝቐረበ ተኸሳሲ ን1/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/04 ቅረብ፡፡

ሚልዮን ሚካኤል ዑቕባዝጊ፡ ስም ወላዲተይ ምንያ ተስፉማርያም ጋርዛ ምባል ተሪፉ፡ ምንያ ተኽለማርያም ጋርዛ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰዒዳ ኣደም መ/ድ፡ ኣቦይ ኣደም መሓመድ ኣሕመድ ስለዝሞረተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.04 ይቕረብ፡፡

ሓደሽ ካሕሳይ ተስፉይ፡ ወደይ ሄኖክ ሓደሽ ተስፉይ ስለዝተሰውአ፡ ሓዳር ይኹን ወላዲ ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ኣዲኡ እሙና ነጋሽ ዓንደሚካኤል ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣነ ወ/ሮ ኣለም ፍስሓ ጺጋይ ዝተበሃልኩ፡ ኮ/ቤ/ፍ ጸጸራት ብዕለት 18/7/2023 ብሰ/መዝ/ቁ 96/23 ናይ ሓፍተይ ኣፍ/ዘውዲ ፍስሓ ጸዋግ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ብዘተረጋገጸለይ መሰረት፡ ነቲ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ኣብ ዞ/ደ/ን/ዞባ ሰገነይቲ ዝርከብ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ መወከሲ 540214 ብስም ኣፍ/ዘውዲ ፍስሓ ጸዋግ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ን/ዞባ ሰገነይቲ ይቕረብ፡፡

ኣለም ፍስሓ

ዝ. ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/04 ጎደና ሞሮቲ ቁ.ገዛ 51፡52፡53፡54 ኣብ ሎታ ቁ.67 ዝርከብ ብሞዘያዊ ም/ዋ/ኣባይቲ ከተማ ቁ.114817 መወከሲ ቁ.137060 ብስም ወላዲትና ለተሰላሴ ተስፉሚካኤል መንገሻን ብስም 8ተ ደቃን ተመዝጊቡ ዝርከብ ናይ ወላዲትና ወረስቲ ከም ዝኾንና ኣብ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ከባቢ ዕዳጋ እኽሊ ብዕለት 12/06/24 ብመዝ ቁ.506/24 ተረጋጊጹልና ዝሓደረ መሰረት፡ ካብ ስም ኣውራሲትና ናብ ስም ወረስቲ 1.ዘውዲ ተኽለ 2.ፍስሃየ ተኽለ 3.ግርማይ ተኽለ 4.ምሕረት ተኽለ 5.ኣለምጸሃይ ተኽለ 6.በላይነሽ ተኽለ 7.ነ/ሄር ኣሰያስ ተኽለ - (ደቁ የሴፍ ኣሰያስ 2.ፊይዝ ኣሰያስ 3.ኤሎራ ኣሰያስ) 8.ሰራክ ተኽለ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይ ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣለምጸሃይ ተኽለ ኣብርሃ


### ምስጋና



ብምኽንያት ሃንደበታዊ ዕረፍቲ ብልቢ እንፈትዎን እፍቅርን ወድና መንእሰይ ሂባል ተወልደ ቀሺ ግርማይ እተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሃገረ ኡጋንዳ እትርከቡ ኩሉኹም ቤት ክህነት ቤ/ክ ቅዱስ ገብርኤል ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኡጋንዳን ከበኣን ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ዓዲ ከልከልቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ናይ ሓዘና ተኻፊልኩ ብምዃን ኣብ ገዛና እተመላለስኩምን ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ንኹሉኹም ተኻፊልኩ ሓዘንና ቤት ክህነትን ቤተሰብ ፈተውትን ኣዕሩኽን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ፡፡

ወለዱ ኣቶ ተወልደ ቀሺ ግርማይ
ብ/ቤቱ ወ/ሮ ኤደን መሓሪ ህንጻ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ሂወት ገብረሂወት ሳህለዝጊ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ኣብ ቀብሪ ዘቃበርኩምናን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ብዓል ቤታን ኣቶ እምባዬ ረዳ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት፡፡

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ወላዲትና ዘውዲ የውሃንስ ገድሉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ጀርመን ብፍላይ ነርቲ ከተማ ማግዘይም ዝበጻሕኩምን ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ጸዓዘጋ ን/ዞባ በረኽ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዝበጻሕኩምናን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ፡፡

ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

ብኣቶ ካሕሳይ ፍስሃየ ሃብተማርያምን ወ/ሮ ሙብራት ብርሃ ደረስን ዘውሃን ኣብ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/02 ጎደና 0 ቁ/ገዛ 11 (ናይ ሕጂ ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ምም/ ከባቢ ምህራም ጭራ ጎደና ዓይገት ቁ/ገዛ-11/13 ቁ/ሎታ 87 ፓርሰል G ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 101305 መወከሲ ቁጽሪ 105986 ብስምና ዝተመዝገበ ናይ ሓባር ዋንነትና፡ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቀሪብና ብዕለት 04/06/2024 ብቁ/መዝ/131/2024 ብዝተመዝገበ ውዕል ወህብቶ ንደቅና ወ/ሮ ኣለም ካሕሳይ ፍስሃየ፡ ኣቶ የናስ ካሕሳይ ፍስሃየን ወ/ሮ ቤሩት ካሕሳይ ፍስሃየን ብሀያብ ሂብናዮም ብምህላውና'ሞ ናብ ስሞም ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ዝቃወም ከምዘየለ ተቖጺሩ ስም ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ ካሕሳይ ፍስሃየ ሃብተማርያም
ወ/ሮ ሙብራት ብርሃ ደረስ

ኣነ ወ/ሮ መኣዛ ኣርኣያ ዝተበሃልኩ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ከባቢ ቤት መኻኢ ፕሎት 28 ፓርሰል K ዚፕ ኮድ 1A293 ብመመሊዩ ንብረት ምምASD00039466 ስፍሓት መሬት 2000 ት/ሜትር ብዝሓ ክፍልታት ቀንዲ 8 ሓገዝቲ ክፍሊ 1 ብዕለት 3/3/2022 ብስመይ ተመዝጊቡ ዝተዋህበኒ ዋንነተይ ዝኾነ ትካል፡ ብኢጋጣሚ ኦርጂናል ሊብረቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07572643 ይደውለለይ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ናይዛ ጠፊኣትኒ ዘላ ሊብረቶ ኦርጅናል ክሓትት ምዃነይ ደጊመ እሕብር፡፡

መኣዛ ኣርኣያ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወረ/ሃ/ሂር የውሃንስ ካሕሳይ፤1.ጉብረታትዮስ የውሃንስ ካሕሳይ 2.ሙብራት የውሃንስ ካሕሳይ 3.መድህን የውሃንስ ካሕሳይ 4.ጉብረእግዚኣብሄር የውሃንስ ካሕሳይ 5.ሉተሚካኤል የውሃንስ ካሕሳይ፣ ኣብ ዳግመ ምርኣይ መጋባእያ ክርክር ቀሪብኩም ስለዘሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሰስትን ተኸሰስትን ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ቁ.2.2.1 ዳንኤል ካሕሳይ 2.2.2 ፊሊሞን ካሕሳይ 2.2.3 የናታን ግርማይ 2.2.4 ዮዲት ግርማይ 2.2.5 ኣሰማይት ግርማይ 3.2 ኣዜብ ተኸስተ 3.3 ብስራት ተኸስተ ኣድራሻኹም ስለዘየተፈልጠ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ተወልደ ምሕረትኣብ ወልደጋብርን ወ/ሮ ሳባ ተወልደ ሓድጉን፡ ወድና እሰይ ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ንሕና ወለዱ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ሳምሶም ኢያሱ ገብረሩፋኤል፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ ነፍ/ንግስቲ ስብሃቱ ጊለን ዘኸታ 1.ኢየሩሳሌም ተኽለማርያም ክፍለ +6 ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ 1.ወ/ሮ ልኡል ተኽለማርያም ክፍለ 2.ወ/ሮ ሂወት ተኽለማርያም ክፍለ 3.ኣቶ ተኽለ ተኽለማርያም ክፍለ 4.ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለማርያም ክፍለ 5.ወረ/ነፍ ምጽላል ተኽለማርያም ክፍለ ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብስራት እዮብ ስመረ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ወረደ ዓንደ ግደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን ገብረማርያም ኣስፍሃ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስቴር ኪዳነ ገብረዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ዘይኑብ መሓመድ ሐሰን ምባል ተሪፉ፡ ዘይኑብ ማሕመድ ዋሁብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሩፍታሌም መሓሪ ጼጋይ፡ ስም ዓቦይ ጼጋ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ጼጋ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰለሆም መሓሪ ጼጋይ፡ ስም ዓባይ ጼጋ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ጼጋ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ካሕሳይ ዓንዳይ፡ ኣቦይ ካሕሳይ ዓንዳይ ገብረዝጊ ስለዝዓረፈ፡ 10 ደቁ 1 ድማ ብተተኻእቲ ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ በረኸትኣብ የዕበዮ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፡ በረኸት የዕበዮ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፍረዶም ኣሉላ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ዮዲት ገብረእየሱስ መብራህቱ፡ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ገብረእየሱስ መብራህቱ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኪዳነ ሃይለሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኪዳነ ተኸስተ ክብርኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ህድኣት ተዛረ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተስፋይ ተዛረ ዘርኣም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ህድኣት ተዛረ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሰለሙን ተዛረ ዘርኣም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ህድኣት ሃይለማርያም፡ ብዓል ቤተይ፡ ቀሺ ዑቕባይ ይትባረኽ ተወልደመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽለጺን ሃይሉ ቦኽረጼን ምባል ተሪፉ፡ ተኽለጺን ሃይለ ቦኽረጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣሙት ተላ ተስፋጋብር፡ ኣቦይ ቀሺ ተላ ተስፋጋብር ዑቕባቴድሮስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣብ መንጎ ይ/በሃሊ ኣቶ ሙሴ ወልዳይ፡ መ/ወዛቢት ወ/ሮ ወይኒ ተስፋልደት ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ መ/ወዛቢት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሓደሽ ኣስመሮም ተኽልኣብ ምባል ተሪፉ፡ ያፈት ኣስመሮም ተኽልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጴጥሮስ ገብረሂወት ገብረማስቀል ምባል ተሪፉ፡ተማስገን ገብረሂወት ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብቱ ለልየ ደረጀ ምባል ተሪፉ፡ ሃብቱ ልኡል ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ኣብርሃም ወልደምህረት ምባል ተሪፉ፡ ሙሉእ ኣብርሃም ወልደምህረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣብ ተለቪዥን ዝተፈነወ ፊልምታት ብመልክዕ ክፋላት ኣብ መላእ ሃገር ክዘርግሕ ምስ ዝኽእል ትካል ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡ ተጫረትቲ ከማልእዎ ዝግብኦም ነጥብታት1. ኣብ ኣገልግሎት ምዝርጋሕ ተጠቒሱ ዘሎ ወይ ተመሳሳሊ ዕማም ዝተዋፈሩን ፍቓድ ዋኒን ዘለዎምን፡፡

2. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ዘለዎምን ግብሪ ናይ 2023 ዝኸፈሉን፡፡

3. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ዝምለስ ብCPO ወይ ጥረ ገንዘብ ከትሕዙ፡፡

4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡

5. ሳጹን ጨረታ፡ ጸብጻብ'ቲ ጨረታ ዝወደቐሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡ 6. መጫረቲ ሰነድ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ዕድግን ንብረትን ሚ/ሪ ዜና ክወስዱ፡፡ 7.ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ተሌፎን 121884 ምውካስ ይከኣል፡፡ 8. ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ዜና

---

ብስም ነ/ፍ ወዘር ሓሰስ ዓብደልኑር፡ ኣብ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 168-5 ዚፕ-1A168 ፕሎት 19 ፓርሰል DI ቁ.ገዛ 21 ስፍሓት 66.25 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018989 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ከምግሓሰልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወከል ሓሴን ኽየር

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 09 ምም/12 ጎደና ደጃ. ተስፋማርያም ቁ.ገዛ 48 ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105409 መወከሲ ቁጽሪ 111374 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ፡ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘንግዕ ካብ ኣቦኣ ነ/ሄር መተሃን መዘንግዕ ብውርሲ ዝረኸበቶ ገዛ፡ ኣነ ኣመልካቲ ድማ ካብ ኣደይ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘንግዕ ብውርሲ ስለ ዝረኸብኩዎ'ሞ ብስም ነ/ሄር መተሃን መዘንግዕ ዘሎ ናብ ስም ወራሲ ከመሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

መልኣከ ገብረማስቀል ሓደገ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም.18 ጎደና ደጃ. ተስፋማርያም ቁ.ገዛ 43 ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 112449 መወከሲ ቁጽሪ 111373 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘንግዕ ካብ ኣቦኣ ነ/ሄር መተሃን መዘንግዕ ብውርሲ ዝረኸበቶ ገዛ፡ ኣነ ኣመልካቲ ድማ ካብ ኣደይ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘንግዕ ብውርሲ ስለ ዝረኸብኩዎ'ሞ ብስም ነ/ሄር መተሃን መዘንግዕ ዘሎ ናብ ስም ወራሲ ከመሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ መልኣከ ገብረማስቀል ሓደገ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ጎደና ዓዲ ሸማግለ ዚፕ ኮድ 1A118 ፕሎት 70 ፓርሰል 3Z ቁጽሪ ገዛ 19/27 ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብምስክር ወረቐት ቁጽሪ 1BRASM016540 ብስም ኣቶ ሳልም ሰዒድ መሓመድን ዑመር ሰዒድ መሓመድን ዝተመዝገበ ብውርሲ ከመሓልልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሳልም ሰዒድ መሓመድ

---

ኣብ ዓዲቓይሕ ምምሕዳር ከባቢ ዑናበር ብሎክ 7 ቃጽያ F ዝርከብ ገዛ፡ ብስም ኣቶ ዓብደላኑር ዐስማን ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብመለለዪ ቁጽሪ 50006 መወከሲ ቁጽሪ 502301 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ብውህብቶ ስለዝሃበኒ'ሞ ነዚ መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ኣቶ ሳልሕ ከሊፋ ኣሕመድ ከመሓልልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ምም/ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሳልሕ ከሊፋ ኣሕመድ

---

ኣቶ ተኽለ ነጋሽ ገብረሚካኤል ዝተፈቕደሎም ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካሎም "ዘሱኒ ምጽራይን ምስላጥን" (ZESUNNY CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝገቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣስመራ ቢራን ኣልታሕረርን ደረጃኦን ዓቂበን

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ 25 ሓምለ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብሰለስተ ግጥሚት ቀጺሉ።

ቀዳመን ዝተጻወታ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ዘለዋ ጋንታታት ጉዳይፍን ኩባንያ ሰምበልን እየን። ኩባንያ ሰምበል፡ ኣብ መበል 15 ደቒቕ ብመገዲ ሴም መብራህቱ ብዘርከበቶ ሹቶ 1-ብ0 መራሒ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ዝሓለፈ ሰሙን ንኣስመራ በራ ዘዕረፈታ ጉዳይፍ ከኣ፡ ኣብ ፈላሞት ደቓይቕ ናይ ካልኣይ እብረ ካብቲ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ዝተሰምየ ጉዳም ኣኽሊሉ ሹቶ ረኺባ 1-ብ1 ተፈላልየ። ሰምበል ሸሞንተ ነጥቢ ኣዋህሊላ ኣላ። ጉዳይፍ ከኣ 12 ነጥቢ ብምውህላል ድሕሪ ኣዱሊስ ሻውዐይቲ ተሰሪዓ ኣላ።

ግጥም ገዛ ጥንዳን ኣልታሕረርን ሰዒቡ ዝተኻየደ ነይሩ። ካብ ኣስመራ በራ ብሓደ ነጥቢ ድሒራ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ዘላ



ኣልታሕረር፡ ካብ ገዛ ጥንዳ ከበድ ብድሆ እዩ ገጢምዋ። ኣብ መበል 82 ደቒቕ ዘመዝገበታ ሹቶ ግን፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኣ ነጥቢ ካብ ምጥፋእ ኣድሒናታ። ኣመዚጊቢ እዛ ሹቶ፡ ናይዛ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተሰምየ የናታን ተኸስተ እዩ።

ኣስመራ በራን ኩባንያ ሰገንን ዘዶዳአ ግጥም'ውን ኣካል እታ ዕለት እዩ ነይሩ።

ዝሓለፈ ጸወታኣ ብጉዳይፍ ዝተሳዕረት በራ፡ ድሕሪኣ ዘላ ኣልታሕረር ተዓዊታ ነጥባ ናብ 32 ክብ ኣቢላ ሳልሳይቲ ከምዝሓኸረት ተዓዚባ እያ ኣትያ። ኣብ መበል 13 ደቒቕ ብመገዲ ዳኒኤል መሓሪ ብዘመዝገበታ ሹቶ ግን፡ ብኢጋኡ መሪሕነት ሒዞ። ኣብ ኢጋ ዕረፍቲ ኣጥቃዓያ ሳዶር የማን ብርእሱ ጕጬዩ ብዘመዝገባ ሹቶ 2-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ሹቶታት ካብ ምውሳኽ ዘይተዓገተት በራ፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ካብ ኣቤል ወልደሰሰ ኣብ መበል 58ን 62ን ደቓይቕ ከኣ ካብ ሳይሞን ሃደለ ብዘመዝገበቶን ሹቶታት ብገፊሕ 5-ብ0 ተዓዊታ። ነጥባ ናብ 33 ክብ ኣቢላ ድማ ደረጃኣ (ሳልሳይቲ) ዓቂባ። ተጻዋታያ ሳዶር የማን ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተጸዊዑ።

እዚ ውድድር፡ ጸባሕ ሰንበት፡ ደንደንን ኣዱሊስን ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕርን ማይተመናይን ብዘካይዳኦ ግጥሚት ክቕጽል እዩ። ቀዳመይቲ ጸወታ 2፡00 ድ.ቀ እያ ክትጅመር።

ብዘይካ'ዚ፡ ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ እዚ ዞባ ሎሚ ቀዳም ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ክሰላሰል እዩ። ሰምበል ምስ በረኽ፡ ኢንሹራንስ ምስ ገጀረት፡ ደንደን ምስ ኩባንያ ሰገን ድማ ክገጥማ እየን። ደንደን 26 ነጥቢ፡ ኢንሹራንስ 24 ነጥቢ፡ ሰገን 24 ነጥቢ፡ ገጀረት 18 ነጥቢ ሒዘን ዘካይዳኦ ጸወታ ብምኻኑ ከኣ ኣብ ደረጃኣን ለውጢ ከምጽእ ይኽእል እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሎሚ ቀዳም ክጀምር ተመዲቡ ዝነበረ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን፡ ብሰንኪ ተኻኢላዊ ጸገም ናብ 3 ነሓሰ ከም ዝተሰጋገረ ክፍሊ ውድድርን ስሩዓትን ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ጉዳይ ሳንቾ ጌና ዘይዓረፈ…

ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ጃዶን ሳንቾ፡ ዋላ'ኳ ብኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ኤሪክ ተንሃግ ተቐባልነት እንተረኸበ፡ ሕጂ'ውን ጌና መጻኢኡ ንጹር ከምዘየለ ይሕበር።

ሳንቾ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ምስ ተን ሃግ ንግዳም ዝወጸ ናይ ቃላት ኲናት ድሕሪ ምጅማሩ፡ ናይ ምስላፍ ዕድል ከምዝተነፍጎን ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ከምዝተኣልየን ይዝከር።

በዚ ከኣ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናብ ናይ ቀደም ክለቡ ቦሩሽያ ዶርትሞንድ ብምቕናዕ፡ ብልቓሕ ክጻወት ሓሚዩ። ዝሓሸ ምንቅስቓስ ምርኣዩን ነዛ ጋንታ ናብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮን ሊግ ክትበጽሕ ከምዝሓገዘን እውን ይግምገም።

ናይ ልቓሕ ግዜኡ ወዲኡ ናብ'ዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ድሕሪ ምምላሱ ከኣ፡ ምስ ተንሃግ ዝበሮ ባእሲ ኣደቂሱ ናብ ስሩዕ ልምምድ ኣትዩ። ብዓቢኡ ተን ሃግ፡ ከውድሶን ኣብ ምሕዝነታዊ ጸወታ ካብ ፈለማ ከሰልፎን ስለ እተረኣየ ድማ፡ መጻኢኡ ኣብዛ ጋንታ ውሑስ ከምዝሎ ክግለጽ ጸኒሑ።

ይኹን እምበር፡ ብመሰረት ደይሊ መይል፡ እዚ ተጻዋታይ ሕጂ'ውን ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ይኽእል እዩ። ገለ ጋንታታት'ውን ኣብ ራዳረን ኣእትየናኦ ኣለዋ። ዶርትሞንድ፡ ዳግማይ ክትመልሶ እኳ ድሌት እንተሃለዋ፡ ደሞዙን ኑቲ ዩናይትድ እትሓቶ መልቀቒ ዋጋኡን ክትከፍል ግን፡ ፋይናንስያዊ ዓቕማ ኣየፍቅደላን እዩ። በዚ ከኣ ክትመልሶ ዘለዋ ተኽእሎ ውሑድ እዩ።

ብመንጽሩ፡ ጁቬንቱስ ኣብዚ ተጻዋታይ ክሳብ ሕጂ ተገዳስነታ ኣይጎደለን ዘሎ። ድልዱል ቁጠባዊ መሓውር ዘለዋ ፒኤስጂ'ውን፡ ኣገልግሎቱ ከምእትብህግ ይግለጽ። ቅድሚ ናብ ኦልትራፎርድ ኣብ 2021 ምስግጋሩ ተገዲሳትሉ ዝነበረት ሊቨርፑል ድማ፡ ነዚ ተጻዋታይ ተወሳኺ ኣማራጺ ምዃኑ ካልእ ምንጪ ተረዲኡ።

እንተ ዩናይትድ፡ ሕጂ'ውን ኣብዛ ክረምቲ ክትለቕ ከም እትኽእል እዩ ዝግለጽ - ማዕጾኣ ግን፡ 40 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ንዝኳሕኩሓታ ጥራይ እዩ ክፉት።

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ቀጺሉ

### ማእከል ብደቂ ተባዕትዮ ናብ መዛዘሚ በጺሓ

"ግራስ ሩት መሰረት ምዕባለ ኩዕሶ መርበብ" ብዝብል ቴማ ክካየድ ዝቐየ ሃገራዊ ውድድር ትሕቲ 16 ዓመት፡ ትማሊ ዓርቢ ቀጺሉ።

ኣብ ጸወታ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዓንሰባ 2-ብ0፡ ጋሽ ባርካ ንማእከል (ባሕቲ መስከረም) 2-ብ1 ሰዒረናአን። ደጊማ ዝተጻወተት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ብማእከል (ጋንታ ደምበ ሰምበል) 2-ብ0 ተረቲዓ። ዓንሰባ ኣብዚ ውድድር ሰለስተ ግዜ ከይተሳዕረት ክትግስግስ ምስ ዝጸንሐት ደቡብ ተራኺባ 2-ብ0 ደማ ተዓዊታ።

ኣብ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ፡ ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ንጋሽ ባርካ፡ ደቡብ ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ሰዒረናአን። ብዘይካ'ዚ፡ ማእከል ደምበ ሰምበል ንጋሽ ባርካ 2-ብ1 ክትረትዓ እንከላ፡ ዓንሰባ ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ 2-ብ0 ሰዒራታ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ክዛዘም እዩ። ፈለማ ንዛባ ማእከል ዝወከላ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ባሕቲ መስከረምን ደምበ ሰምበልን




ክጻወታ እንከለዋ፡ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ደቡብን ዓንሰባን'ውን ክራኸባ እየን። ናይ ፍጻመ ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ መንጎ ኣርባዕተ ግዜ ከይተሳዕረት ናብ መዛዘሚ ዝበጸሐት ጋሽ ባርካ ምስታ ሰለስተ ግዜ ዝተዓወተት ደቡብ ክትጻወት እያ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ኣርባዕተ ግጥሚት ከይተሳዕረ ናብ መዛዘሚ ዝበጽሓ ዝነበራ ማእከል ዝወከላ ጋንታታት ባሕቲ መስከረምን ደምበ ሰምበልን ብዘካይድኦ ጸወታ ክዛዘም ምዃኑ፡ ካብቲ ፈደረሽን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረጋጊኡ።

## ቅነ ስፖርት እዚ ሓይሊ ኣየር ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጸግዓት ንሮኬት 2-ብ0፡ ሓለብት ንፈንቅል 3-ብ0 ክስዕረኦን እንከለዋ፡ መሰረትን ሕድርን ግን፡ 0-ብ0 ተፈላልየን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፈንቅል ንሮኬት 2-ብ0፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሕድሪ ንጸግዓት 2-ብ1፡ ሓለብት ንመሰረት 2-ብ0 ከምዝሰዓረኦ፡ ካብቲ ቦታ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## ሳቪች፡ ናብ ቱርኪ ኣቕኒዑ



ሰርቢያዊ ተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ስተፋን ሳቪች፡ ካብዛ ክለብ ብምውጻእ ናብ ቱርካዊት ክለብ ትራብዞንስፖርት ተጸምቢሩ።

እዚ ጉልበት ተኸላኻሊ፡ ኣቐዲሙ ክሳብ ሰነ 2025 ዝጸንሐ ውዕል ፈሪሙ ነይሩ እዩ። እንተኾነ፡ ምስ ጋንታኡ ብናይ ሓባር ስምምዕ ውዕሉ ኣቋሪጹ እዩ ናብ ቱርኪ ኣቕኒዑ ዘሎ።

ኣብ 2016 - ብ12 ሚልዮን ዩሮ ካብ ፊዮረንቲና ናብዛ እስጳኛዊት ክለብ ዝተጸምበረ ሳቪች፡ ኣብ 297 ግጥሚት ማልያኣ ለቢሱ እዩ። ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ድማ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ተጻወቲ ናይ ኣሰልጣኒ ዲያጎ ሲሞነ ምንባሩ ይዝከር። ዝሓለፈ ዓመት ግን፡ ኣጉዳስነቱ ከምዝጎደለ ይሕበር። ዋንጫ ላ'ሊጋን ኢውሮፓ ሊግን ድማ ዓቲሩ እዩ።

ድሮ ኣብዛ ክረምቲ ሸውዓተ ተጻወቲ ኣፋንያ ዘላ ኣትሌቲኮ፡ ንወዲ 33 ዓመት ሳቪች ምስዳዱ ኑቲ መስመር ምክልኻል ዳግማይ ከተሐድሶ ብምድላያ እያ። ንተኸላኻሊ ሪያል ሶሴዳድ ሮቢን ለ ኖርማንድ ንምምጻእ መደብ ትሰርሕ ምህላዋ'ውን ጋዜጣ ፉትቦል እስጳኛ ተረዲኡ።

## "ኣብዛ ክረምቲ ተጻወትቲ እንተዘይ ኣፈሪምና ንኹልና ዘገርም ክኸውን እዩ" ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል

ሓዲሽ ዓሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ኣብዛ ክረምቲ ጋንታኡ ሓደሽቲ ተጻወትቲ እንተዘይኣፈሪማ ንኹሉ ዘገርም ከምዝኸውን ገሊጹ።

ሊቨርፑል፡ ዛጊት ዝኾነ ተጻወታይ ኣየፈረመትን ዘላ። መስኮት ምስግጋር ግን፡ ዝመጽእ ወርሒ - 30 ነሓሰ እዩ ክዕጾ።

"በዛ ሒዝናያ ዘለና ብልጽቲ ጋንታ ሕጉስ እየ።" ዝበለ ስሎት፡ "እንተኾነ ዝኾነ ተጻዋታይ እንተዘይኣምጺእና፡ ከምዝመስለኒ ንኹልና ዘገርም ክኸውን እዩ። ምናልባት'ውን ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ሕጂ ግን፡ ተጻወትትና ከምለስናን እቲ ብቑዕ እንብሎ ተጻዋታይ ንምፍራምን ኢና ንጽበ ዘለና።" ኢሉ።

ዝበዝሑ ካብ ቀዳሞት ተሰለፍታ ናብ ዋንጫ ኤውሮጳን ኮፓ ኣመሪካን ዝሰደደት ሊቨርፑል፡ ኣብዚ እዋን ንምልሶም እያ ትጽበ ዘላ። ዲያጎ ጆታ፡ ድሮ ናብ ደቂ ጋንታኡ ክጸምበር እንከሎ፡ ኢብራሂማ ኮናተን ርያን ግራቨንበርችን ከኣ፡ ኣብቲ ኣብ ኣመሪካ ዘካይድኦ ናብ ቅድመ ልምምድ ግጥሚት ክጸምበርኦም ትጽቢት ኣሎ። ኣርኖልድ፡ ኣሊሶን፡ ዲያዝ፡ ጋክፖ፡ ጎመዝ፡ ማክሊስተር፡ ኑነዝን ቫንዳይክን ግን፡ ዛጊት ምስዚ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ስራሕ ኣይጀመሩን ዘለው።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ማን ዩናይትድ፡ ኑቲ ምስ ዌስትሃም ብውልቁ ከምዝተሰማምዐ ዝግለጽ ተኸላኻሊ ባየር ሙኒክ ናሰር ማዝራዊ ንምስዳዕ ትሰርሕ ምህላዋ ተቓሊሑ። እዚ ሞሮኻዊ፡ ብ15.5 ሚልዮን ዩሮ (13 ሚልዮን ፓውንድ) ናብ ዌስትሃም ክስጉር ተቓሪቡ እዩ ዝበሃል ዘሎ።

* ብመሰረት ናይ ኢጣልያ ምንጪታት፡ ክለብ ጀኖኣ ንናይ ቀደም ሓላዊ ልዳት ማን ዩናይትድ ዳቪድ ዲ ሄያ ንምፍራም ትሰርሕ ኣላ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ዩናይትድ ድሕሪ ምውጽኡ ክሳብ ሕጂ ናጻ ዘሎ እዚ እስጳኛዊ፡ ካብ ክለባት ኣመሪካ እተፈርሞ ክለብ ደጸብ ምህላዉ'ውን ካልእ ምንጪ ተረዲኡ።

* ፒኤስጂ፡ ንማን ዩናይትድ በለጸ መዕረፊ ኣከፋፊሊ በሪፋ ጃኣ ነቨስ ክትከውን ዝሓሸ ዕድል ከምዘለዋ ተኣሚቲ። እዛ ጋንታ፡ 70 ሚልዮን ዩሮ ምስ ተወሰኸቲ ተጻወትቲ ኣቢቲ ስምምዕ ኣካቲታ ትርከብ።

### ፓላስ፡ ንሳር ኣፈሪማቶ

እንግሊዛዊት ክለብ ክሪስታል ፓላስ ንኣጥቃዓይ ማርሴ ኢስማኢላ ሳር ከተፈርሞ ምስ ጋንታኡ ተሰማሚዓ።

ፓላስ ነዚ ወዲ 26 ዓመት ሴኔጋላዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ንምውናን 15 ሚልዮን ዩሮ (12.6 ሚልዮን ፓውንድ) ከፊላ እያ፡ ዳግማይ ናብ ፕሪመር ሊግ እትመልሶ ዘሎ። ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ከተፈርሞ ምዃና ድማ ይግለጽ።

ኢስማኢላ ሳር፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሓምለ ካብ እንግሊዛዊት ክለብ ዋትፎርድ ናብ ማርሴ ከምዝቐየረ ይዝከር።

